# ሓዳስ ኤርትራ

መበል 34 ዓመት ቁ. 311 | ዓርቢ 29 ነሓሰ 2025 | ገጻት 12 ዋጋ 2.00 ናቕፋ




ገጽ 2
ዜና

ገጽ 3
ደ.ሪ.ኮንጎ፡ ኣንፈት ዘተ…



ገጽ 4




ካብ ዓይነታት ጸገም ስርዓት ኣስትንፋስ

ገጽ 5



ተጋዳላይ፡ ካብ ጒስነት ክሳብ ማስተርነት

ገጽ 11
ርክብ ክልተ ሓራምዝ…




## ኣብ ሆስፒታል ከረን፡ ዕዉት መጥባሕቲ ሓበላ ዓይኒ ተኻይዱ

ሱዳናዊ ጉጅለ ሓካይም ዓይኒ ‘ኣልበሶር’ ምስ ሞያውያን ሚኒስትሪ ጥዕና ሆስፒታል ከረንን ብምውህሃድ፡ ንልዕሊ 400 ዜጋታት ብጻ ዕዉት መጥባሕቲ ሓበላ ዓይኒ ኣካይዱ።

ቡቲ ካብ 21 ክሳብ 26 ነሓሰ ኣብ ሆስፒታል ከረን ዝተኻየደ መደብ፡ መርመራታት ካብ ዝተኻየደሎም ካብ ምሉእ ዞባ ዝመጽኡ 2,500 ሕሙማት፡ እቶም 427 መጥባሕቲ ሓበላ ክግበረሎም ከሎ፡ ንዝተረፉ መድሃኒትን መነጽርን ተዓዲልዎም።

ኣብ ሚኒስትሪ ጥዕና ሓላፊ ሃገራዊ መደብ ምክልኻልን ምቁጽጻርን ዑረት ኣቶ ኣለም ዞርያስ፡ መጥባሕቲ ሓበላ ብውሸጣዊ ዓቕሚ ዝተኻየደ'ኳ እንተኾነ፡ ዕላማ ናይ'ቲ ምስ ጉጅለ ‘ኣልበሶር’ ብምትሕግጋዝ ብመልክዕ ወፍሪ ዝተኻየደ፡ ንዘጋንሐ ጸዕቂ ንምፍኳስ፡ ከምኡ'ውን ተመኩሮን ቴክኖሎጂን ንምልውዋጥ ከምዝኾነ ኣብሪሁ።

ክፍሊ ሕክምና ዓይኒ ሆስፒታል ከረን ህንጻዊ ምትዕርራይ ክተካየደሉ ብምጅማሩ፡ ህዝቢ መጥባሕቲ ንምግባር ናብ ኣስመራን ካልእ ቦታታትን ክኸይድ ምጅማሩ ዝጠቐሰ ኣቶ ኣለም፡ እቲ ዝተኻየደ ወፍሪ ዝኢ ኣብ ግዜት ዘለዎ ምኽንያት ኣረዲኡ።

ኣብ ዓይኒ ዝኸውን ጸገም ምስ ዝኽሰት፡ ብዘይ ምድንጓይ ናብ ሕክምና ዓይኒ ምኻድ ከልመድ ዘለዎ ዝገለጸ ኣቶ ኣለም፡ ትራኮማ፡ ግላኮማ፡ ካታራክትን ካልኦት ናይ ሬቲና ሕማማትን ንምፍዋስ፡ ሕብረተሰብ ዕቱብ ምክትታል ክገብር ተላብዩ።

ኣብ ሆስፒታል ከረን ሓኪም ዓይኒ ዶ/ር ሓሰን ዓብደላ ብወገኑ፡ እቲ ምስ ጉጅለ ‘ኣልበሶር’ ብምትሕብባር ዝወሃብ ዘሎ ኣገልግሎት፡ ኣብ'ቲ ሆስፒታል ንዘሎ ጸዕቂ ዘቃልል ብምዃኑ፡ ረብሓኡ ብቐሊሉ ከምዝይፍጠር ኣገንዚቡ።

መጥባሕቲ ዝተገብረሎም ወገናት ብወገኖም፡ ካብ ዝነበሮም ጸገማት ዓይኒ ከምዝደሓኑ ብምሕባር፡ ንዝረኸብዎ ኣገልግሎትን ናብዮትን ኣመስጊኖም።

ሱዳናዊ ጉጅለ ሓካይም ዓይኒ ‘ኣልበሶር’፡ ኣብ ዝሓለፈ ሰሙን ኣብ ሆስፒታል ዓዲ-ቐይሕ ተመሳሳሊ መጥባሕቲ ምክያዱ ዝዘከር'ዩ።



## ‘ፋርሚኮር’፡ ጠለብ ትካላት ጥዕና ንምምላእ ይሰርሕ ከምዘሎ ገሊጹ

ኮርፖረሽን መድሃኒትን ናውቲ ሕክምናን ኤርትራ - ‘ፋርሚኮር’፡ ጠለብ ብቐዓቱን ውሕስነቱን ዝተኣማመነ መድሃኒትን ናውቲ ሕክምናን ንምምላእ ይሰርሕ ከምዘሎ፡ ግዝያዊ ኣካያዲ ስራሕ ናይ'ቲ ትካል ኣቶ ማቴዎስ ገብረእግዚኣብሄር ገሊጹ።

‘ፋርሚኮር’ መድሃኒትን ናውቲ ሕክምናን ካብ ወጻኢ ብምእታው ንኩለን ኣብ ትሕቲ ሚኒስትሪ ጥዕና ዝመሓደራ ተቋማት ጥዕና፡ ከምኡ'ውን ንናይ ግሊ ፋርማሲታትን ካልኦትን ብርትዓዊ ዋጋ ከምዝከፋፍል ዝሓበረ ኣቶ ማቴዎስ፡ ኣብ ትካል መድሃኒት ‘ኣዜል’ ዝፈሪ 35 ዓይነታት መድሃኒት እውን ብተመሳሳሊ ኣገባብ ከምዝዕደል ኣብሪሁ።

ኩሉ መድሃኒታትን ናውቲ ሕክምናን፡ ቅድሚ ማስርሕ ዕድጊ ምፍጻሙ ቴክኒካዊ፡ ሕክምናውን ፊናንሳውን ገምጋም፡ ናብ ሃገር ምስ ኣተወ ድማ ቅድሚ ናብ ኣገልግሎት ምውዓሉ፡ ምስ ሃገራዊ ትካል ቁጽጽር መግብን መድሃኒትን ብምትሕብባር ደቂቕ ገምጋም ከምዝግበረሉ ብምጥቃስ፡ ኣብ ቀዳማይ መንፈቕ 2025 ዋጋ ልዕሊ 8 ሚልዮን ዶላር መድሃኒትን ናውቲ ሕክምናን ካብ ወጻኢ፡ ክኣቱ ከሎ፡ ልዕሊ 42 ሚልዮን ናቕፋ ዝዋግኡ መድሃኒት ኣብ ትካል ‘ኣዜል’፡ መፍረ ኦክሲጅን ‘ኦሮታ’ን ካልእን ከምዝፈረየ ኣረጋጊጹ።

ኣብ ቀዳማይ መንፈቕ 2025 ዋጋ 351 ሚልዮን ናቕፋ መድሃኒትን ናውቲ ሕክምናን ኣብ መላእ ሃገር ናብ ዝርከብ ትካላት ጥዕና ከምእተኸፋፈለ ዝጠቐሰ ኣቶ ማቴዎስ፡ እቲ 85 ሚእታዊት ኣብ ትሕቲ ሚኒስትሪ ጥዕና ንዝርከብ ትካላት ጥዕና፣ እቲ 15 ሚእታዊት ድማ ንካልኦት ትካላት መንግስትን ናይ ብሕትን ከምእተኸፋፈለ ብምግላጽ፡ ልዕሊ 23 ሽሕ ሜትሮ ኩብ ኦክሲጅን'ውን ናብ ኩለን ትካላት ጥዕና ከምእተመቓርሐ ሓቢሩ።

በዚ መሰረት፡ ኣቐድም ኣቢሉ ‘ሲቲ-ስካን’ ንሃገራዊ መወከሲ ሆስፒታል ኦሮታ፣ ተንቀሳቓሲን ቀዋምን ማሽናት ‘ራጂ’፡ መደንዝዚ፡ መምከዪን ላቦራቶሪን፡ ከምኡ'ውን በረኪና ዘፍርያ ማሽናትን ከምእተዓደላ፣ ከምኡ'ውን ዘመናዊ ናውቲ ፊዝዮተራፒ ንዞባታት ሰሜናዊ ቀይሕ ባሕሪ ደቡባዊ ቀይሕ ባሕሪ፡ ዓንሰባን ደቡብን ከምእተመቓርሐ፣ ናይ ዞባታት ጋሽ-ባርካን ማእከልን ድማ ኣብ ማስርሕ ከምዘሎ ገሊጹ።

ኣባላት ‘ፋርሚኮር’ ብወገኖም፡ ብጠዚፍ ናይ ወጻኢ ሸርፊ ካብ ወጻኢ ተዓዲጉ ንዝኣቱ መድሃኒትን ናውቲ ሕክምናን፡ ክሳብ'ቲ ናይ ምክፍፋሉ ማስርሕ፡ ውሑስ ዕቃበን ክንክንን ከምዝግበረሉ ኣረጋጊጾም።



ዜና

# በረኸ - ንጥፈታት ምዕቃብ ማይን ሓመድን ይስላሰል

ኣብ ዞባ ማእከል - ንኡስ ዞባ በረኸ፣ ብዘሳታፍነት ከም፡ ተመሃሮን ሓይልታት ምክልኻልን ኣድማዒ ንጥፈታት ምዕቃብ ማይን ሓመድን ምግራብን ይሰላሰል ከምዘሎ፡ ወኪል ብዝልዕልም ኣግራብን እንስሳ ዘዕዕምን ኣቶ ምሕረትኣብ ባህልቢ ገሊጹ።

ካብ ወርሒ መጋቢት ኣትሒዙ ብዘዕመም ዘሎ ስራሕ፣ ዛጊት ኣብ 21 ዓድታት 225 ሄክታር ቀናታዊ ዛላ ብምስራሕ ኣስታት 273 ሽሕ ፈልሲታት ከምእተተኽለ ብምጥቃስ፣

ኣቐዲሙ ምስ ኣመሓደርቲ ምምሕዳራት ከበቢ ብምዃን ዝተዳለወ መጽናዕቲ፣ ኣብ ኣድማዕነት ናይ'ቲ ስራሕ ዓቢ ኣስተዋጽኦ ከምዝገበረ ሓቢሩ።

ካብ'ቲ ዝተተኽለ ኣግራብ፡ 166,914 ብዞም፡ 40,678 ብወፍሪ ተመሃሮ ንልምዓት፡ 37 ሽሕ ብውልቀ ገረብ፣ 28 ሽሕ ድማ ብኣባላት ሓይልታት ምክልኻል ከምእተዓመውን ኣብሪሁ።

ኣብ'ቲ ዝተገበረ ኣኼባ ቀጸሊ ክሰላታት ብምኽያድ ሓለዋ ከምዝግበር ዝጠቐሰ ኣቶ ምሕረትኣብ፣ እቲ ዝደለ ውጽኢት ንኽረጋገጽ ተራ ኩሎም ክፍዘዝ ጸዊዑ።

ሓላፊ ኣሃዱ ቁጠባዊ ልምዓት ኣቶ ክፍለዝጊ ክፍለማርያም ብወገኑ፣ ካብ ቁሸት ክሳብ ጸዕዳክርስትያን ከምኡ'ውን ካብ ጸዕዳ-ክርስትያን ክሳብ ዓዲብደልን ዓዲ-ጉብሩን ኣብ ዝርከብ ደረት ጽርግያ፡ ኣስታት 5 ሽሕ ፈልሲታት ተተኺሉ ከምዘሎ ኣብሪሁ።


ስእሊ፡ ዙቤር ሰዒድ

# ከረን - ቅነ ውዳበታት ቀያሕቲ ዕንባባ ይካየድ

ብሃገራዊ ማሕበር መንእሰያትን ተመሃሮን ኤርትራ ዝተወደበ ናይ ፈለማ ቅነ ውዳበታት ቀያሕቲ ዕንባባ ብደረጃ ሃገር፡ "ቅኒትና ንጹብራቕ ክብርታትና" ብዝብል ቴማ ብ26 ነሓሰ ኣብ ከተማ ከረን ተኸፊቱ።

ኣብ'ቲ መኽፈቲ ስነስርዓት፡ ኣመሓዳሪ ዞባ ዓንሰባ ኣምባሳደር ዓብደላ ሙሳ፣ ኣዛዚ እዚ ህዝባዊ ሰራዊት ብርጋዴር ጀነራል ተኸለ ልብሱ፣ ኣቦመንበር ሃማመተኤ ኣቶ ሳልሕ ኣሕመዲን ከምኡ'ውን ካብ ሽዱሽተአን ዞባታት ዝመጹ ኣባላት ቀያሕቲ ዕንባባን ብርክት ዝበሉ ዕዱማትን ተሳቲፎም ነይሮም።

ሓላፊ ሃማመተኤ ዞባ ዓንሰባ ኣቶ ኣዛዚ በረኸትኣብ ኣብ ዘስመዖ ቃል፣ ውዳበ ቀያሕቲ ዕንባባ ኣብ ሃማመተኤ፣ ከም መቐጸልታን መተኣሳሰርን ታሪኽ ውድባትን ክብርታት ሰውራን ዝጥመት ፈላሚ ናይ ውዳበ ቀጻሊ ምዃኑ ብምጥቃስ፣ ብመልክዕ ሱጥቡብ ንመላእ ሕብረተሰብ ኣብ ምንቅቓሕ ዕዙዝ ኣበርክቶ ከምዘለዎ ኣፍሊጡ።

ብደረጃ ሃገር 55 ሚእታዊት ደቂኣንስትዮ ዝርከብኦም፣ ኣብ 139 ጉጅለታት ዝሕቖፉ ልዕሊ 4,200 ቀያሕቲ ዕንባባ ከምዘለዉ ብምጥቃስ፣ ኣብ'ዚ ን11 መዓልታት ዝቕጽል ቅነ 170 ተሳተፍቲ ተወኪሎም ከምዘለዉ ኣፊሩ።

ኣመሓዳሪ ዞባ ዓንሰባ ኣምባሳደር ዓብደላ ሙሳ ብወገኑ፣ ውዳበ ቀያሕቲ ዕንባባ ኣብ ምብራኽ ንቕሓት ሕብረተሰብን ዓወት ቃልሰናን ንዘበርክቶ ተራ ብምጥቃስ፣ ኣብ ውዳበ'ዚ ንምድንፋዕ ማሕበር ዝካየዶ ዘሎ ጻዕሪ መጕሱ።

ኣብ'ዚ ካብ 26 ነሓሰ ክሳብ 5 መስከረም ዝቕጽል ቅነ፣ ብዘይካ'ቲ ኣብ መንጎ ጉጅለታት ቀያሕቲ ዕንባባ ዝካየድ ውድድር፣ ንታሪኽ ቀያሕቲ ዕምባባ፣ ኣገዳሲነት መዛሙር ኣብ ምህናጽ መንነትን ሌላ ምስ ትልሂት ብሄራት ኤርትራን ዝምልከት ኣስተምህሮ፣ ከምኡ'ውን ዑደት ናብ ታሪኻዊ ቦታታት ዘጠቓልል ንጥፈታት ክካየድ'ዩ።


ብዘይካ ሰኑይ መዓልታዊ እትሕተም ጋዜጣ

ዋና ኣሰናዳኢ
ብርሃነ ምሕረትኣብ

ምክትል ኣሰናዳኢ
ዓብደልቃድር ኣሕመድ

ቍ.ስ 116266 / 201820 (256)

ቦርድ ምስንዳእ
ዮሴፍ ሃይለማርያም
ምሉእብርሃን ሃብተገብርኤል
ተስፋኣለም የማነ

ቍ.ስ 201820 (250)
ፋክስ. 127749 - ቍ.ሳ.ጶ. 247

ለይ-ኣውት
ፍርቱና ኤፍሬም ትንሱእ ፍስሃየ
ሳምራዊት ሃብተ ሰሎሜ ኣፈወርቂ
ፋጥና ኣድም

ምዝርጋሕ ጋዜጣ
ቍ.ስ.163471-07588045
ምልክታ
ቍ.ስ 125013 - ቍ.ሳ.ጶ. 1284


# ብወፍሪ ተመሃሮ ንልምዓት፡ ኣድማዒ ንጥፈታት ከምእተሰላሰለ ተገሊጹ

ወፍሪ ተመሃሮ ንልምዓት ካብ ዝጅምር፡ ኣብ ውሽጢ 32 ዓመታት ኣድማዒ ንጥፈታት ምዕቃብ ማይን ሓመድን ምግራብን ከምእተሰላሰለ፡ ኣብ ሚኒስትሪ ትምህርቲ ዳይረክተር ጨንፈር ወፍሪ ተመሃሮ ንልምዓት ኣቶ ፍትዊ ወልደገርገስ ገሊጹ።

እቲ መደብ፡ ተመሃሮ ነቲ ብክልስ-ሓሳብ ዝመሃርዎ ብግብራዊ ስራሕ ከምዘሰንይዎ ንምግባር፣ ኣብ መንጎ ተመሃሮ ናይ ምትሕግጋዝን ምብህዛልን ባይታ ንምፍጣር፣ ከምኡ'ውን ኣፍልጦ ተመሃሮ ኣብ ምዕቃብ ኣከባቢ ንምብራኽ ዓሊሙ ኣብ 1994 ከምእተበገሰ ብምጥቃስ፡ ዛጊት ኣስታት 36 ሚእታዊት ደቂኣንስትዮ ዝርከብኦም 584 ሽሕ ተመሃሮ፡ ከምኡ'ውን ልዕሊ 26 ሽሕ መምህራን፡ ሰብ ሞያ ጥዕናን ክኢላታት ሕርሻን ከምእተሳተፍዎ ኣብሪሁ።

ተሳተፍቲ - ተመሃሮ ታሸዓይን ዓሰራይን ክፍሊ ምዃኖም ዝሓበረ ኣቶ ፍትዊ፡ ካብ ቅድመ-ትምህርቲ ክሳብ ማእከላይ ደረጃ ዝርከቡ ተመሃሮ ድማ፡ ኣፍልጦኦም ኣብ ምዕቃብ ኣከባቢ ንምዕባይ፡ ኣብ ነፍሲ-ወከፍ ቤት-ትምህርቲ ሓምላይ ክለብ ብምቛም፡ ቀጽሪ ኣብያተ-ትምህርቶምን ኣከባቢኦምን ከምዝፅቅብዎን ከምዝዋገርዎን ከምዝዋገር ኣዚሩ።



ሎሚ ዓመት - ካብ 7 ሓምለ ክሳብ 16 ነሓሰ ኣብ መላእ ሃገር ንዝተዓመ ወፍሪ ብዝምልከት ድማ፡ 41 ሚእታዊት ደቂኣንስትዮ ዝርከብኦም ኣስታት 30 ሽሕ ተመሃሮ ኣብ ልዕሊ 150 ነቑጣታት ተዋፊሮም፡ ን40 መዓልታት ውጽኢታዊ ስራሕ ከምዘዮመሙ ኣረዲኡ።

95 ሚእታዊት ካብ ወፋሮ ኣብ ምዕቃብ ሓመድን ማይን ምግራብን፡ ምሽዓት ንፈልሲታት ዝኸውን ጉዳጉዲ፡ ምስራሕን ምጽጋንን ቀናታዊ ዛላታትን ከትርታትን፡ ጽሬት ኣብያተ-ትምህርትን ከባቢኡን ምምድማድ ናይ ሓመድ ጽርግያታትን፡ እቶም 5 ሚእታዊት ድማ ኣብ ኣስመራ፡ ከረንን መንደፈራን ኣብ ንጥፈታት ምኽባር ሕግታት ትራፊክን ምጽኣፍ ሰነዳትን ከምእተሳተፉ ብምብራህ፡ በበዞባኡ ገምጋም ምስ ተኻየደ ዝተዓመ ንጥፈታት ክፍለጽ ምዃኑ ሓቢሩ።

# ደ/ቀ/ባሕሪ - ንጥፈታት ሕርሻዊ ልምዓት ዘተባብዕ ገስጋስ የመዝግብ

ኣብ ዞባ ደ/ቀ/ባሕሪ፡ ንጥፈታት ሕርሻዊ ልምዓት ዘተባብዕ ገስጋስ የመዝግብ ከምዘሎ፡ ሓላፊ ጨንፈር ሕርሻ ኣቶ መሓመድ ዓብዱራሕማን ገሊጹ።

ኣብ ምምሕዳራት ከባቢ ኪሚራን ራን ዝርከቡ ኣብያታውያን ሓረስቶት ኣብ ልምዓት መሻላን ዕፉኝን ኣብ ምምሕዳር ከባቢ ዓሰብ ዝርከቡ ኣብ ልምዓት ኣሕምልትን ፍረታትን ምርባሕ ደርሁን፡ ኣብ ኣየመ፡ ሓልሓል፡ ፍረርን ዓድዔላን ድማ ኣብ ምርባሕ ንህቢ ተዋፊሮም ጸቡቕ እቶት ደረኽቡ ከምዘለዉ ሓቢሩ።

ኣቶ መሓመድ ኣሰዒቡ፡ ሎሚ ዓመት ንዝተኣታቶ ዘሎ መደብ ንኡስ ርቡሕ ቃጽያ ሕርሻ ብዝምልከት ኣብ ዝሖ ሓብሬታ፡ ኣብ ኩለን ዓድታት ነፍሲ-ወከፎም ሓደ ሽሕ ትርብዒት ሜትሮ መሬት ዝወሰዱ ሓረስቶት፡ ድሮ ንጥፈታቶም ከምዝጀመሩ ኣፍሊጡ።

ኣብ መወዳእታ ድማ፡ ልምዓት ተምሪ ንምስፋሕ ንሓረስቶት ፈልሲታት ንምዕዳል መደብ ከምዘሎ ኣብሪሁ።



# ትንታነ ዜና

ሚርያም ኣብርሃም

## ደ.ሪ.ኮንጎ - ኣንፈት ዘተ ሰላም መንግስትን ተቓዋሚ ጉጅለን

ቀንዲ ጸጥታዊ ስግኣት ደሞክራሳዊት ረፓብሊክ ኮንጎ ኮይኑ ዘሎ ዕጡቕ ጉጅለ ኤም-23፡ ኣብ ልዕሊ ሰላማውያን ሰባት ተደጋጋሚ መጥቃዕትታት ከም ዝካይድ እዩ ዝሕብር። ኣብ ዝሓለፈ ወርሒ ጥሪሓ፡ እቲ ዕጡቕ ጉጅለ ኣብ ምብራቓዊ ክፋል ናይ'ታ ሃገር ቀልዓ ሰበይቲ ዘርከቡዎም ብውሑዱ 140 ሰላማውያን ሰባት ከም ዝቐተለ እየን ማዕከናት ዜና ዓለም ከቃልሓ ቀንየን። እቲ መጥቃዕቲ፡ ኣብ'ዘን ዝሓለፋ ሒደት ዓመታት በቲ ዕጡቕ ጉጅለ ካብ ዝተኻየዱ ተመሳሳሊ መጥቃዕትታት፡ እቲ ዝኸፍአ ግፍዒ ዝተፈጸመሉ መጥቃዕቲ ምንባሩ'ዩ ትካል ተጣባቒ ሰብኣዊ መሰላት ዘረድኦ። እቲ ዕጡቕ ጉጅለ፡ ኣብ ዝተፈላለያ ከባቢታት ናይ'ታ ሃገር፡ ብኸዛሞን ፋሲን ኣብ ልዕሊ ሰላማውያን ሰባት ኣገዳዩ ዘሰካሕክሕ ግፍዒ የካይድ ከም ዘሎ፡ ጸብጻባት የረድኡ። በዚ ከኣ፡ መንግስቲ ኤም-23 ሕነ ናይቲ ኣብ ዝተፈላለየ ከባቢታት እታ ሃገር ዝኾጥጥሮ ዘሎ ስዕረት፡ ኣብ ልዕሊ ሰላማውያን ሰባት ኢ-ሰብኣዊ ዝኾነ መጥቃዕትታት ይፍጽም ኣሎ ክብል ይኸስስ። ኣብ መጀመርያ ዝሓለፈ ሓምለ፡ እቲ ዕጡቕ ጉጅለ፡ ኣብ 14 ዓድታትን ካልኦት ብርክት ዝበሉ ናይ ሕርሻ ቦታታትን፡ ብኣማኢት ዝቑጸሩ ሰላማውያን ሰባት ከም ዝቐተለን ከም ዘሰራጠየን እየን ማዕከናት ዜና ናይ'ታ ሃገር ዝሕብራ።

ኣብ መንጎ መንግስቲ ደ.ሪ.ኮንጎን ዕጡቕ ጉጅለ ኤም-23 ተኸሲቱ ዘሎ ግጭት ብሰላም ንምዕራፍ፡ ዝተፈላለዩ ወገናት ዘይዕወት ፈተነታት ከካይዱጸኒሖም እዮም። ኣብ'ዘን ዝሓለፋ ክልተ ኣዋርሕ፡ ሕቡራት መንግስታት ኣመሪካን ቀጠርን ቡብወገነን ንኽልቲኦም ተቓናቐንቲ ወገናት ንምትዕራቕ ኣብ ከተማ ዋሽንግቶን ከምኡ'ውን ኣብ ከተማ ዶሓ ዘተ ሰላም ኣካይደን ከም ዝነበራ ይዝከር። ኣብ ሰነ ኣብ ከተማ ዋሽንግቶን ዝተኻየደ ዝርርብ፡ ንኤም-23 ዘጻተፈን ኣብ መንጎ መንግስታት ደ.ሪ.ኮንጎን ርዋንዳን ጥራሕ ዝተሓጽረን ምንባሩ ድማ ይፍለጥ። ኣቡቲ ኢጋጣሚ፡ ሚኒስተራት ጉዳያት ወጻኢ ሩዋንዳን ደ.ሪ.ኮንጎን ተራኺቦም፡ ብዛዕባ'ቲ ሻሕኪሩ ዘሎ ዝምድና ክልቲኣን ሃገራት ኣመልኪቶም ከም እተዘራረቡ ተገሊጹ ነይሩ። ብመሰረት እቲ ሽዑ ዝተበጽሐ ስምምዕ ክልቲኣን ሃገራት ካብ ቤት ንብረቶም ተመዛቢሎም ዘለዉ ሰላማውያን ሰባት ናብ ቤቶም ንኽምለሱ ጥጡሕ ባይታ ክፈጥራ፡ ንሸበራውያን ጉጅለታት ዝህባኦ ሓገዝ ደው ከብላ፡ ከምኡ ድማ ጸጥታዊ ዝምድናኦን ከደንፍዓ ተረዳዲኦን ነይረን።

ድሒሩ ኣብ ዝሓለፈ ሓምለ ኣብ ከተማ ዶሓ - ቀጠር ኣብ ዝተኻየደ ዘተ ሰላም እውን፡ መንግስቲ ደ.ሪ.ኮንጎ ምስ ዕጡቕ ጉጅለ ኤም-23 ኣብ ስምምዕ ክበጽሕ ክኢሉ ነይሩ። እቲ ዝተበጽሐ ስምምዕ ክልቲኦም ወገናት ምሩኻት ክለዋወጡ፡ ኤም-23 ተቖጻጺሩዎ ዘሎ ከባቢታት ኮንጎ ናብ መንግስቲ ከረክብ ዝብሉ ነጥብታት ዘጠቓለለ እዩ ነይሩ። ኰይኑ ግን፡ ንምትግባር ከኣ ክልቲኦም ወገናት ስምምዕ ምቁራጽ ተኸሲ ክኸስሱ ምኽንያቶም ብዝኸነ ኣፍሊጦም ነይሮም።

እቶም ክልተ ወገናት ዋላ'ኳ ዝሓለፈ ሰሉይ ናይ መወዳእታን ቀያድን ስምምዕ ምቁራጽ ተኸሲ ክኸስሱ መደብ እንተ ነበረ፡ ኤም-23 ካብቲ ውዕል ሃንደበት ብምንስሓብ ግን እቲ ዘተ ሰላም ናብ መፈጸምታ ክበጽሕ ከም ዘይክኣል እዩ ዝሕብር ዘሎ። እቲ ዕጡቕ ጉጅለ፡ መንግስቲ ደ.ሪ.ኮንጎ ኣብ ቀዳማይ እብረ ናይቲ ዘተ ሰላም ንዝኣተዎ መብጽዓታት ኣብ ግብሪ ኣየውዓሎን ብምባል'ዩ ካብቲ ክካየድ ተወጢኑ ዝነበረ ካልኣይን ናይ መወዳእታን ዝርርብ ሰላም ኣንሳሒቡ ዘሎ። ኣብ ቀዳማይ እብረ ናይቲ ዘተ ሰላም ዝተረዳደኡሉ እሱራት ናይ ምፍታሕ እማመ ኣብ ግብሪ ከይወዓለ፡ ኤም-23 ምስ መንግስቲ ኣብ ጣውላ ንኻልኣይ ግዜ ኮፍ ከም ዘይብል እዩ ኣረዲኡ ዘሎ። እቲ ጉጅለ ብተወሳኺ፡ ስምምዕ ምቁራጽ ተኸሲ ኣብ መስርሕ እንከሎ፡ ኣብ ዝሓለፈ ቀዳመ ሰንበት፡ ሰራዊት መንግስቲ ኣብቲ ኤም-23 ተቖጻጺሩዎ ዘሎ ከባቢታት መጥቃዕትታት ከቢድ ብረትን ድሮናትን ከም ዘካየደ'ውን ከሲሱ ኣሎ።

ኣብ መንጎ እዚ ዕጡቕ ጉጅለን መንግስቲ ደሞክራሲያዊት ረፓብሊክ ኮንጎን ተወሊዑ ዝነበረ ግጭት፡ ካብ ዝሓለፈ ወርሒ ጥሪ ኣትሒዙ ናብ ዝለዓለ ጥርዙ ከም ዝዓረገ ዝፍለጥ እዩ። ጠንቂ ናይዚ ዝኸፍአ ኣንፈት ሒዙ ዘሎ ጸጥታዊ ዘይምርግጋእ፡ ኤም-23 ኣብ መጀመርያ ናይዛ ዓመት እዚኣ፡ ብርክት ዝበላ ብኣገዳስነተን ዝፍለጣ ስትራተጂያውያን ዞባታት ኮንጎ ኣብ ትሕቲ ቁጽጽሩ ከም ዘእተወ ድሕሪ ምሕባሩ'ዩ። ኣብ'ዘን ዝሓለፋ 7 ኣዋርሕ ጥራሕ ኤም-23፡ ኣብ ምብራቓዊ ክፋል ናይ'ታ ሃገር ንዝርከባ ስትራተጂያውያን ከተማታት በናጋና፡ ክዋንጃ፡ ኪቓንጋ፡ ሩባያ፡ ሩሹሩ፡ ጎማን ቡካቩን ከም እተቖጻጸረ እዮም ጸብጻባት ናይ'ታ ሃገር ዘመልክቱ። ኣብ መጀመርታ ጥሪ ናይዛ ሒዝናያ ዘለና ዓመት፡ ኤም-23 ንማእከል ንግዲ ዝኾነት ስትራተጂያዊት ከተማ 'ማሲሲ' ከም እተቖጻጸረ ዝዝከር እዩ። ቀጺሉ፡ ኣብ መወዳእታ ናይታ ወርሒ እቲኣ፡ ንስትራተጂያዊት ከተማ ጎማ ምሉእ ብምሉእ ኣብ ትሕቲ ቁጽጽሩ ከም ዘእተዋ ይፍለጥ። ገለ ካብቲ ኣብ ትሕቲ ዕጡቓት ተቓወምቲ ዝርከብ ቦታታት፡ ወርሓዊ ኣስታት 300 ሽሕ ዶላር ኣታዊ ዝርከቦ ናይ ዕደና ከባቢታት ከም ዝኾነ'ዩ ቤት ምኽሪ ጸጥታ ውድብ ሕቡራት ሃገራት ዝሕብር። ልዕሊ 15 ሚእታዊት ናይቲ ብዓለም ደረጃ ናብ ዝተፈላለያ ሃገራት ዝለኣኽ - ንምስራሕ ኤለክትሮኒካዊ ኣቑሑ ዝገልግል ከም ወርቂ፡ ሉሌ፡ ማንጋናይዝን ታንታሉምን ዝኣመሰሉ ማዕድናት፡ ብዙሕ ካብ'ዘን ኣብ ላዕሊ ዝተጠቕሳ ዞባታት ከም ዝዕደን እዩ ዝግለጽ። ደ.ሪ.ኮንጎ፡ በዚ ዘለዋ ዕቑር ጸጋታት፡ ኣብ ዓለም ሓንቲ ካብ'ተን ኣብ ቀዳማይ ደረጃ ዝስርዓ ሃገራት ምዃና እዮም ጸብጻባት ዘመልክቱ። እዚ ዝተጠቕሰ ማዕድናት ኩሉ ተጓሒጉሑ ናብ ዕዳጋ እንተ ዝወርድ፡ ደ.ሪ.ኮንጎ ብጠቕላላ ኣስታት 24 ትሪልዮን ዶላር ኣታዊ ክትረክብ ከም እትኽእል ድማ፡ ጸብጻባት ውድብ ሕቡራት ሃገራት የረድኡ።

ኣብ 2012 ዝተመስረተ ዕጡቕ ጉጅለ ኤም-23፡ ብርዋንዳውያን ዓሌት 'ቱትሲ' ከም ዝምራሕ እዩ ዝግለጽ። እቲ ብመንግስቲ ርዋንዳ ከም ዝድገፍ ዝነገረሉ ዕጡቕ ጉጅለ፡ ቀንዲ ጸጥታዊ ስግኣት ደ.ሪ.ኮንጎ ካብ ዝኾነ ነዊሕ ዓመታት እዩ ኣቑጺሩ ዘሎ። ኣብ ዝሓለፈ ዓመት፡ ውድብ ሕቡራት ሃገራት፡ "ርዋንዳ ቀንዲ መስራቲትን ደጋፊትን ኤም-23 እያ" ክብል ምኽሳሱ ዝዝከር እዩ። እንተ ኾነ ርዋንዳ፡ እቲ ክሲ ካብ ሓቂ ዝረሓቐ ምዃኑ ብምሕባር፡ ብትሪ ከምእትኹንኖ እያ ኣፍሊጣ። ኣብ መጀመርያ ናይዛ ወርሒ እዚኣ እውን ውድብ ሕቡራት ሃገራት፡ ሚኒስትሪ ምክልኻል ርዋንዳ፡ ቀንዲ ሃንዳሲ ናይቲ ኣብ ኣርባዕተ ዓድታት ደ.ሪ.ኮንጎ ብኤም-23 ዝተፈጸመን ሂወት ኣማኢት ሰባት ዝወሰደን መጥቃዕቲ ምዃኑ እዩ ከሲሱ። ርዋንዳ ብወገና፡ ኑቲ ሕጂ ዝቐረበላ ክሲ ውጹእ ሓሶት ክትብል ድሕሪ ምንጻግ፡ እቲ ክሲ ኑቲ ኣብ መስርሕ ዘሎ ዘተ ሰላም ኣብ ምልክት ሕቶ ዘእቱ ምዃኑ ኣጠንቂቓ።

እቲ ዕጡቕ ጉጅለ፡ ኣብ ዝሓለፈ ሓምለ ጥራይ፡ 48 ኣደታትን 19 ቈልዑን ዘርከቡዎም ኣስታት 319 ሰባት ከም ዝቐተለ ጸብጻባት የመልክቱ። ደ.ሪ.ኮንጎ ብሰንኪ ዘጋጥማ ዘሎ ዘዩቋርጽ ዕጥቃዊ ግጭትን ቅልውላዋትን፡ ኣብ ዓለም ሓንቲ ካብ'ተን ቀዳሞት ብዙሕ ተመዛቢልቲ ዘለወን ሃገራት ኮይና ከም ዘላ እዩ ዝጥቀስ። ጸጥታዊ ዘይምርግጋእ ደ.ሪ.ኮንጎ ንምርግጋእ ብዙብል ምኽንያት ካብ 1999 ኣትሒዙ ኣብታ ሃገር ተዋፊሩ ዘሎ ዓቃብ ሰላም ሰራዊት ሕቡራት ሃገራት፡ ዛጊት ዝኣድ ኣበርክቶ ከም ዘይገበረ'ዮም ዝተፈላለዩ ወገናት ዝወቕሱ። ዕጡቕ ጉጅለ ኤም-23፡ ኣብዛ ሒዝናያ ዘለና ዓመት ጥራሕ፡ ኣብ ደ.ሪ.ኮንጎ ልዕሊ 2,800 ሰላማውያን ሰባት ከም ዝቐተለ፡ ጸብጻባት ይጠቕሱ።







# ጥዕና

ሱሌማን ኣሕመድ

## ካብ ዓይነታት ጸገም ስርዓት እስትንፋስ

ስርዓት እስትንፋስ፡ ብመንገዲ ሳንቡእ ናብ መላእ ኣካላትና ንዝርከቡ ዋህዮታት ኦክስጅንን ካርቦን ዳይኦክሳይድን ንኽቀያየሩ ዝሕግዝ ኣገባብ እዩ። ብኣፍናን ኣፍንጫናን ዝሰሓብናዮ ኣየር፡ ብጐርጐማ ኣቢሉ፡ ኣብ ሳንቡእ ናብ ዝርከቡ ንኣሽቱ ከረጺታት (alveoli) ይኣቱ። ኣብዚ ከረጺት'ዚ እቲ ኦክስጅን ናብ ደምና ክሕወስ እንከሎ፡ እቲ ዝተቓጸለ ኣየር ማለት ካርቦን ዳይኦክሳይድ፡ ካብ ደምና ተፈልዩ ይተርፍ፡ ብኣፍና ወይ ኣፍንጫና ኣቢሉ ድማ ናብ ደገ ይወጽእ።

ጸገም ስርዓት እስትንፋስ፡ ምልክት ናይ ዝተፈላለዩ ሕማማት ክኸውን ይኽእል እዩ። ጉንፋዕ ወይ ኢንፍልወንዛ፡ ኣዝማ ወይ ብሮንካይት፡ መጥቃዕቲ ልብን ካልኦትን ዝኣመሰሉ ጥዕናዊ ጸገማት ዘለዎ ሰብ ጸገም ኣብ ስርዓት እስትንፋስ ክርኢ ንቡር እዩ።

ሕክምና ኣብ እንኸደሉ እዋን፡ ዶክተር ሓደ ካብቲ ተቐዳዲሙ ዝልክዖ ስርዓት እስትንፋስና እዩ - ኣብ ደቒቕ ክንደይ ኣስተንፍስ ኣለና ንምፍላጥ። እቲ ንቡር መጠን እስትንፋስ ኣብ ደቒቕ ምስ ዕድመ ይፈላለ እዩ። እንተኾነ፡ ሓደ ተዛዚዩ ኣብ ዕረፍቲ ዝርከብ ሰብ ኣብ ደቒቕ ካብ 12 ክሳብ 20 ሳዕ የስተንፍስ።

ኣብ ደቒቕ ክንደይ ኣስተንፍስ ኣለና ባዕልና ክንልክዖ ንኽእል ኢና። ክሳብ ሓደ ደቒቕ ምጽባይ ዓቕሊ ምስ ዘይህልወና ድማ ኣብ 15 ካልኢት ዘለና እስትንፋስ ዓቒንና ብ4 ብምርባሕ ክንቅምር ንኽእል። እስትንፋስካ ጸቢቑ ምስ ዘይህሉ ናብ ሓኪም ብምኻድ እቲ ጸገም እንታይ ምኽንያት ብኣግኡ ክተለልዮ ይግባእ።

ከምቲ ልዒሉ ዝተጠቕሰ፡ ጸገም ስርዓት እስትንፋስ ብዝተፈላለዩ ጥዕናዊ ጸገማት ዝኸሰት ኮይኑ፡ ኣብዚ ጽሑፍ'ዚ ግና፡ እቶም ዝፍጠሩ ጸገማት ስርዓት እስትንፋስ ብዓይነቶም ኣዕሚቕና ክንዝርዝር ክንፍትን ኢና።

**'ሃይፐርቨንቲሌሽን' (Hyperventilation)**

እዚ ኣካላትና ካብቲ ዘድልዮ ዓቐን እስትንፋስ ምስ ዝቕልጥፍ ዝኽሰት ጸገም ኣተነፋፍሳ እዩ። ብዙሕ ምስ እነስተንፍስ ልዑል ካርቦን ዳይኦክሳይድ ካብ ኣካላትና ነውጽእ ኣለና ማለት እዩ። እዚ ድማ ምስቲ ኣብ ደምና ክህሉ ዝግብኦ ዓቐን ኦክስጅን ዘተመዓራረየ ኣይኮነን።

'ሃይፐርቨንቲሌሽን' ምውሰዋስ ኣካላት ኣብ ኣዝካይደሉ እዋን ክኸሰት ይኽእል እዩ። ፍርሕን ሕማም ኣዝማን'ውን 'ሃይፐርቨንቲሌሽን' የስዕብ እዩ። ምድንዛዝ፡ ድኻምን ምዝንባዕ ኣድህቦን ዝኣመሰለ ምልክታት፡ መለለዪ ናይዚ ጸገም እስትንፋስ እዮም።

**'ዲስፕኒያ' (Dyspnea)**

'ዲስፕኒያ' ሕጽረት እስትንፋስ ምስ ዜጋጥመካ ዝኸሰት ጸገም ኣብ እስትንፋስ እዩ። እዚ ጸገም'ዚ፡ ኣካላትና እኹል ኣየር ይረኽቡ ከም ዘየለ የመልክት።

'ዲስፕኒያ' ብሰንኪ ዝተፈላለዩ ሕማማት ናይ ልብን ሳንቡእን የጋጥም። ምልክት ናይ መጥቃዕቲ ልብን ሕማም ኣዝማን'ውን እዩ። ሃንደበት ሕጽረት እስትንፋስ ምስ ዜጋጥመካ ተቐላጢፍካ ሕክምና ክትከይድ እዩ ዘግብኣ።

ኣብ ልዑል ብራኸ ምስ እንህሉ'ውን ሕጽረት እስትንፋስ ከጋጥመና ይኽእል እዩ። ድኹም ኣካላዊ ጥዕናን ምኽሳዕን ጠንቂ ሕጽረት እስትንፋስ ይኾኑ እዮም። ኣብ ከምዚ ኩነት ሓኪም ኣተነፋፍሳኻ ናብ ንቡር ንምምላስ ዝሕግዝ ኣገባብ ምውሳዋስ ኣካላት ክሕብረካ ይኽእል እዩ። ተወሳኺ ናይ ኦክስጅን ሓገዝ ከም እትወስድ ብምግባር'ውን ነቲ እስትንፋስ ናብ ንቡር ንምምላስ ጻዕርታት ይግበር እዩ።



ኣካላትና ኣብ ዝተወሰነ ኣቀማምጣ ምስ ዝህሉ'ውን 'ዲስፕኒያ' ኬጋጥመና ይኽእል እዩ። ንኣብነት፥–

- 'ኦርቶፕኒያ' (Orthopnea)፥– ድኻም ልቢ ዘለዎም ሰባት ብኣፍ ልቦም ምስ ዝድቅሱ ሕጽረት እስትንፋስ ከጋጥሞም ይኽእል። ስለዚ፡ ቀሪዮም ኮፍ ወይ ደው ክብሉ እዩ ተመሪጹ።
- 'ፓሮክሲስማል' (paroxysmal)፥– ኣብ ግዜ ለይቲ ሃንደበት ብሀረርና ብምትንሳእና ዝኽሰት ሕጽረት እስትንፋስ እዩ። እዚ'ውን ምልክት ናይ ድኻም ልቢ ምኻኑ ሓኪም ይገልጹ።
- 'ትሬፖፕኒያ' (Trepopnea)፥– ዓይነት 'ዲስፕኒያ' ኮይኑ ብዝተወሰነ ጎንና ጥራይ ብምድቃስና ሕጽረት እስትንፋስ ከስዕብ ይኽእል። ምናልባት ብጺጋማይ ጎንና ጥራይ ብምድቃስና ከጋጥም ይኽእል እዩ፡ ከምኡ'ውን ብኣንጻሩ።
- 'ፕላትፕኒያ' (Platypnea)፥– እዚ ሳሕቲ ዝርአ ኮይኑ፡ ደው ብምባልና ዝኽሰት ሕጽረት እስትንፋስ እዩ። ኮፍ ምስ እንብል ድማ ክገድፈና ይርአ።

**'ብራዲፕኒያ' (Bradypnea)**

እዚ ኣካላትና እኹል ኦክስጅን ይረኽቡ ከም ዘየለ ዘመልክት ጸገም ስርዓት እስትንፋስ እዩ። እቲ ኣተነፋፍሳ ኣዝዩ ዘገምታዊ እዩ። ምልክት ጸገም ኣብ ሞታቦሊዝም፡ ሕጽረት ድቃስን ካልእን ክኸውን ይኽእል።

**'ታኪፕኒያ' (Tachypnea)**

እዚ ኣንጻር ናይ 'ብራዲብፕኒያ' ኮይኑ፡ እቲ ዓቐን እስትንፋስ እናናሻዕ ብልዑል ናህሪ ዝቕልጥፍ እዩ። እዚ ምልክት ናይ ዝተፈላለየ ሕማም ክኸውን ይኽእል እዩ - ንኣብነት ኒሞንያ።

**'ሃይፐርፕኒያ' (Hyperpnea)**

እዚ ልዑል ዓቐን ኣየር ናብ ውሽጢ ንምስሓብ ዝፍጠር እስትንፋስ እዩ። ኣካላትና ልዑል ኦክስጅን ንኽረኽቡ፡ ኣብ ግዜ ምውሰዋስ ኣካላት ወይ'ውን ሕክምናዊ ፍወሳ ኪጋጥም ይኽእል። እዚ ዓይነት ጸገም እስትንፋስ ናብ 'ሃይፐረቨንቲሌሽን' ክምዕብል ይኽእል።

ብኹነታት ሳንቡእ ዝፍጠሩ ጸገም ስርዓት እስትንፋስ

ብጥዕናዊ ኩነታት ናይ ሳንቡእ ክፍጠሩ ዝኽእሉ ጸገማት ኣብ ስርዓት እስትንፋስ ሓያሎ እዮም። ኩሎም ድማ ህጹጽ ዝኾነ ሕክምናዊ ሓገዝ ዘድልዮም እዮም።

ኣዝማ

ኣዝማ ሻምብቆ ስርዓት እስትንፋስ ምስ ዝጸብብ ወይ ምቕጻል (inflammation) ምስ ዜጋጥሞ ዝስዕብ ሕማም እዩ። ሕጽረት እስትንፋስ፡ ሰዓልን ዓኽታን ብሓይሊ ምስ ምስትፋስ ዝስማዕ 'ጸጽታ'፣ ምእሳርን ምዕባስን ኣፍ ልቢ፣ ወዘተ. ምልክታት ኣለዎ።

**ኒሞንያ**

ኒሞንያ ረኽሲ ሳንቡእ ኮይኑ፡ ብምቕጻልን ምምላእ ፈሳሲ ኣብ ሳንቡእን ክስዕብ ይኽእል። መብዛሕትኦም ዓይነት ኒሞንያ ናብ ሞት ዘብጽሑ እዮም። ስለዚ፡ ብኣግኡ ግቡእ ክንክን ክንገብር ይግባእ።

- ሕጽረት እስትንፋስ፡
- ሰዓል፡
- ቃንዛ ኣፍ ልቢ፡
- ቁሪ ቁሪ ምባል፡
- ምርሃጽ፡
- ረስኒ፡
- ምቕጻል ጭዋዳታት፡
- ቅርጥማት፡ ወዘተ. ካብቶም ምልክታት ኒሞንያ እዮም።

ምዕጋት ሰራውር ደም (Pulmonary embolism)

ምዕጋት ሰራውር ደም፡ ሓደ ወይ ብዙሓት ናብ ሳንቡእ ዝዘርግሑ ሻምብቆታት ደም ብምዕጻዎም ዜጋጥም ሕማም እዩ። እዚ ወጽኢት ናይ ኣብ ኣእጋርና ወይ ኣእዳውና ከምኡ'ውን ኣብ ካልእ ክፍሊ ሰብነትና ዜጋጥም ምርጋእ ደም እዩ። እዚ'ውን ብኣግኡ ግቡእ ሕክምናዊ ክንክን እንተዘይረኺቡ ናብ ሞት ከብጽሕ ይኽእል።

- ቃንዛ መሓውር፡
- ሕጽረት እስትንፋስ፡
- ሰዓል፡
- ቃንዛ ኣፍ ልቢ፡
- ቁሪ ቁሪ ምባል፡
- ምርሃጽ፡
- ዘይንቡር ህርመት ልቢ፡
- ምድንዛዝ፡
- ሕጽረት ኣድህቦ፡ ወዘተ. ምልክታት የርኢ።

**ጸቕጢ ደም (Pulmonary hypertension)**

እዚ ናብ ሳንቡእ ኣብ ዘምርሕ ኣርተሪ ብዘጋጥም ጸቕጢ ደም ዝኸሰት ጥዕናዊ ጸገም እዩ። ብምጽባብን ዘይምምጣጥን ናይ'ቲ ሻምብቆ ደም፡ ጸቕጢ ብምፍጣር ክሳብ ድኻም ልቢ ከስዕብ ይኽእል።

ቃንዛ ኣፍ ልቢ፡ ሕጽረት እስትንፋስ፡ ተደጋጋሚ ድኻም፡ ወዘተ. ካብቶም ምልክታት እዮም።

**ኪኽኪኽታ (Croup)**

ብረኽሲ ስርዓት እስትንፋስ ዝኽሰት ሕማም እዩ - ኪኽኪኽታ። ብዙሕ ግዜ ካብ 6 ወርሒ ክሳብ 3 ዓመት ኣብ ዘለዉ ህጻናት ዝርአ ሕማም እዩ።

**ኮቪድ - 19**

ብኮሮና ቫይረስ ዝስዕብ ሕማም ኮቪድ -19 ኣብ ሳንቡእ ረኽሲ ዝፈጥር ናይዚ እዋን'ዚ ሕማም እዩ። ምህንጣስ፡ ሰዓል፡ ረስንን ካልእን ምልክታት ሃልዩዎ፡ ከቢድ ሕጽረት እስትንፋስ እዩ ዘስዕብ።

ብኹነታት ልቢ ዝፍጠሩ ጸገም ስርዓት እስትንፋስ

ኦክስጅን ዝሓዘለ ጽሩይ ደም ናብ መላእ ኣካላትና ዝጭንግዕ ኣካል ልቢ እዩ። ስለዚ፡ ልቢ ምስ ስርዓት እስትንፋስ ጥቡቕ ምትእስሳር እዩ ዘለዎ።

ሕማም ኣርተሪ (artery disease)

እዚ ብሰንኪ ምጽባብን ምድራቕን ሻምብቆታት ኣርተሪ ዝስዕብ ሕማም እዩ። ከም ሳዕቤኑ ናብ ልቢ ዝበጽሕ ዋሕዚ ደም ስለ ዝነድል ኣብ ጭዋዳታት ልቢ ከቢድ ዕንወት የውርድ። ምልክታቱ፡ ቃንዛ ኣፍ ልብን መጥቃዕቲ ልብን እዮም።

ምስ ምውላድ ዝመጽእ ሕማም ልቢ (Congenital heart disease)

እዚ ብተወርሶ ዝመጽእ ጸገም ኮይኑ፡ ኣብ ቅርጻን ተግባርን ልቢ ጸገማት ይርኣ። ዘይንቡር ህርመት ልቢ፡ ሕጽረት እስትንፋስን ካልእን ምልክት ኣለዎ።

'ኣሪትምያ' (Arrhythmia)

'ኣሪትሚያ' ዓይነት ዘይንቡር ህርመት ልቢ እዩ። ልቢ ቀልጢፉ ወይ ዘገምታዊ ህርመት ምስ እተካይድ ዘጋጥም ጥዕናዊ ጸገም እዩ።

**ድኻም ልቢ**

ጭዋዳታት ልቢ ብምድካሙ፡ ብፃዕእ ደም ክጭንግዑ ብዘይምኽኣሉ ዘጋጥም ሕማም እዩ። እዚ ኣብ ሳንቡእ ፈሳሲ ክዕቀር ጠንቂ ዝኾውን ሕማም እዩ።

ጸገም ስርዓት እስትንፋስ ዘፈጥሩ ካልኦት ጠንቅታት

**ኣከባብያዊ ኩነታት**

ከባብያዊ ኩነታት ሕጽረት እስትንፋስ ክፈጥሩ ዝኽእሉ ጠንቅታት እዮም። ከም ኣብነት፥–

- ቁጥዐ (allergies) ኣብ ደርና፡ ሰበ፡ ቀልቀል ወይ ጸምሪ እንስሳ፡
- ወጥርን ፍርሕን፡
- ምዕጻው ኣፍንጫን ጎረሮን ብናኽታ ወይ ዓልጕ፡
- ናብ በሪኽ ቦታ ብምድያብና ዝፍጠር ሕጽረት ኦክስጅን።

ንጸገም ስርዓት እስትንፋስ ዝተቓልዐ መን እዩ?

- ሕዱር ሕማም ሳንቡእን ልብን ዘለዎ፡
- ቁጥዐ ዘለዎ፡
- ብጭንቀትን ወጥርን ዝተዋሕጠ ሰብ፡

ምኽሳዕን ልዕሊ ንቡር ክብደት ሰብነትን ዘለዎ ሰብ'ውን ብጸገማት ስርዓት እስትንፋስ ክሳቐ ዘለዎ ተኽእሎ ዝለዓለ እዩ።

ጸገማት ስርዓት እስትንፋስ ንምፍዋስ ዝሕግዙ ኣማራጺታት

ናይ ኣነባብራ ለውጢ

ጸገም ስርዓት እስትንፋስ ዘለዎ ሰብ ዝሰማምዖ ክሊማን ኣመጋግባን ክለሊ ከም ዘለዎ እዩ ዝምከር።


**ምጉዳል ወጥሪ**

ወጥሪ ጸገም ስርዓት እስትንፋስ የስዕብ ምኻኑ ካብ ፈለጥና፡ ወጥሪ ንምጉዳል ክትጸዕር ይግባእ። ምውሰዋስ ኣካላት ምኪያድ፡ መዚቃ ምስማዕ ገለ ካብቶም ወጥሪ ንምህዳእ ዝሕግዙ ኣገባብቲ እዮም።

ብዘይካ'ዚ...

- ሽጋራ ምትካኽ ሓደ ካብ ጠንቂ ጸገም ኣብ ስርዓት እስትንፋስን ካልኦት ሕማማትን እዩ። ስለዚ፡ ካብ ምትካኽ ምቑጣብ፡
- ጥዕና ዘለዎ ኣመጋግባ ምኽታል። ኣብ እትምገበሉ እዋን'ውን ሃዲእካ ምጡን ዓቐን ክትበልዕ ይግባእ። መገቢ ምብዛሕ ንባዕሉ ጠንቂ ጸገም ስርዓት እስትንፋስ ኮይኑ ይጥቀስ እዩ።
- ምውሰዋስ ኣካላት ምዘውታር።

ምንጪ፥– medicalnewstoday




| ሰዓት | መደብ |
|---|---|
| 12:00 | ሃገራዊ መዝሙር |
| 12:02 | ዑደት ኣባላት ደቡባዊ ቀይሕ ባሕሪ |
| 12:30 | ዜና (ትግርኛ) |
| 12:50 | ዜና ስፖርት |
| 12:55 | ካብ ዞባታት |
| 13:30 | ዜና (ዓረብ) |
| 13:45 | ሄሎ ደባይዋ ቀጥታ |
| 15:30 | ዶክመንታሪ |
| 16:15 | ሞዛይክ 1ይ ክፋል |
| 17:00 | ዜና (ትግርኛ) |
| 17:15 | ስነ ጥበብ |
| 17:30 | ዜና (ዓረብ) |
| 17:40 | ሞዛይክ 2ይ ክፋል |
| 19:25 | እትመት ሲት-ኮም |
| 20:00 | ዜና (ትግረ) |
| 20:15 | ገለብ ደሓን ቀጥታ |
| 21:00 | ዜና (ትግርኛ) |
| 21:25 | ርእይቶ ህዝቢ ብዛዕባ ፊልም ዙሩባቤል |
| 22:00 | ዜና (ዓረብ) |
| 22:10 | ፍኖተ ሂወት |
| 22:30 | ዜና (እንግሊዝ) |
| 22:40 | እንዳ ዝማም |

# ኣሰራት ፈረንሳ ኣብ ወሽጣዊ ጉዳያት ሃገራት ሳሕል፡ ሕጂኸ ናበይ?

ሄርሞን ሃብቱ
ሚኒስትሪ ጉዳያት ወጻኢ

ራብዓይ ክፋል



ደረቱ ዝሓለፈ ጣልቃ ፈረንሳ ኣብ ወሽጣዊ ጉዳያት ሃገራት ሳሕል፡ እዘን ሃገራት ኣንፈተን ምሉእ ብምሉእ ናብ ካልኦት ሓይልታት ክጥምዝዛ ደፋኢ ምኽንያት ኮይኑ ኣሎ። ድሕሪ ተኸታታሊ ዕልዋ መንግስታት ሃገራት ሳሕል ምስ ፈረንሳን ካልኦት ምዕራባውያን ሃገራትን ዝነበረን ጸጥታውን ወተሃደራውን ውዕላት ብምስራዝ ምስ ከም ሩስያ ዝኣመሰላ ሃገራት ኣብ ወተሃደራውን ጸጥታውን መዳያት ሓቢረን ይሰርሓ ኣለዋ። እዘን ሃገራት ንዳግመ-መምዘኢቲ ፈረንሳ ንምምኻት ካብዚ ካብ ሃገራት ምዕራብን ኢኮዋስን ብሓፈሻ ካብ ፈረንሳ ድማ ብፍላይ ክወረድ ንዘኽእል ተጻእሎን ጸቕጥን ንምብዳህ ምስ ዝተፈላለያ ሃገራት ዓለም ምዉቕ ዲፕሎማስያዊ ምሕዝኣት መስሪተን እየን። እዚ ሎሚ ብፈረንሳ ተወሰዱ ዘሎ ስጉምቲ ምንእኣብ ሰራዊት ድማ ካልኦት ሓይልታት ንኽትክእኣ ኣብ ቅድድም እየን ጸኒሐን። ሃገራት ሩስያ፡ ቻይና፡ ሕቡራት ኢማራት ዓረብን ቱርኪን ድማ ኣብዚ ዞባ ዘለወን ጽልዋ ንምስፋሕ ጸዐቕ ምንቅስቓስ ካብ ዝገብራ ሓይልታት እየን። ሃገራት ሳሕል ምስዘን ሃገራት ክልተኣዊ ስምምዓት ብምድንፋዕ ኣብ ንግድን ልምዓታዊ መደባትን ሓቢረን ንምዕያይ ዝተፈላለዩ ንጥፈታት ኣብ ምስልሳል ይርከባ። ሃገራት ቻይናን ሩስያን ሕልፊ ካልኦት ሓይልታት ድሕሪ ኢማንወል ማክሮን ዝወሰዶ ስጉምቲ ንዝግፍ ፈረንሳ ክትክእ ብንጥፈት ክሰርሓ ጀሚረን ኣለዋ። ምስ ሩስያ ዘኮይድአ ዘለዋ ጸጥታውን ወተሃደራውን ውዕላት ተጻልዩ ድማ ዕጡቕ ጉጅለ ዋግነር ኣብ ማሊ፡ ኒጀርን ቡርኪና ፋሶን ቀንዲ ቀላሲ ሓይሊ ኮይኑ ተቐልቂሉ ኣሎ። ኣብዚ እዋንዚ ብኣማኢት ዝቑጸሩ ሰራዊት ሩስያ ኣብ ሃገራት ሳሕል ተዋፊሮም ምህላዎም ይፍለጥ።

እንተኣርከቡ፡ እዚ ሎሚ ብሃገራት ሳሕል ዝውሰድ ዘሎ ናይ ለውጢ ሃዋህው ወሽጣዊ መንቀሳቀሲታ ዝወለዶ ብምዃኑ እዘን ሃገራት ሕድ-ሕድ ምድግጋፍን ሓቢርካ ንምስራሕ ዘኽእል ሓባራዊ መርሓን ነዲፈን ይንቀሳቐሳ ብምህላወን ወጽኢታዊ ለውጢ ክኸውን ተስፋ ብዙሓት ተኣቢሩሉ ኣሎ።

ፈረንሳ ዝኢ ልዕሊ ዓቕማ ዝኾነ ተኸሲቱ ዘሎ ህዝባዊ ማዕበል ክትዓግቶ ኮነ ከምቲ ናይ ቀደማ ሕጂ ትወስዶ ዝነበረት ቅንጸላን ዕልዋን ዋላኳ ከተካይድ ተኽእሎታት ይሃሉ፡ ውልቀ ሰብ እምበር መንቀሳቀሲታ ህዝብታት ኩሉ ክትዓልዎ ኣይትኽእልን። ምኽንያቱ ህዝባዊ ሰረት ዘለዎ ናይ ለውጢ መንፈስ ብዘኾነ ናይ ግዳም ጽብለልትነት ክጭፍለቕ ስለ ዘይክኣል። ሎሚ ሃገራት ሳሕል ባዕላተን ዝዘወርኦ ወተሃደራዊ ልፍንቲ ኣቕመን ኣለዋ። እዚ ንዕጡቓት ጉጅለታት ንምምኻት ቀይሙ ዘሎ ሓድሽ ልፍንቲ ሃገራት ሳሕል ካብ ብዙሓት ወገናት ኣሉታዊ ሓሳባት ዘውሕዞ እዩ። እዚ ድማ እዘን ሓይልታት ከምቲ ኣቐዲመን ካብ ሃገራት ምዕራብ ዝዕጠቕኦ ወተሃደራዊ ንዋት ክየጥቓ ኣይክእላን እየን ካብ ዝብል ሓሳባት ዝቐለ እዩ፡ ከምኡ'ውን ምውጻእ ሰራዊት ፈረንሳ ዝፈጠሮ ግብረሽበራውያን ኣብ መላእ እቲ ዞባ ንኽሽፋድኑ ርሒብ ዕድል ብምሃብ ጸጥታዊ ኩነታት ካብ ቁጽጽር ወጻኢ እዘን ሃገራት ኮይኑ ስግኣታት ኣሎ። እንተ ኾነ ኣብዚ ሓዲ ክንጽር ዘዀብኦ ሓሳብ ኣሎ፡ ኣጸዋር ብዝኾነ ወገን ንቕሓትን ኣይትካእን። ሃገራዊ ዕላማ ብጅሁትነን ምዕቡል ኣጸዋር ኣይቅዳስ ኣይወሰን! እዚ ድማ ኣብ ታሪኽ ብርታዊ ቃልሲ ህዝቢ ኤርትራ ተረጋጊጹ እዩ። ሰውራ ኤርትራ ኣንጻር መግዛእቲ ኢትዮጵያ ዘካየዶ ቃልስን ዘረጋገጾ ዓወትን ብዝበለጸ ምዕቡል ኣጸዋር ተደጊፉ ዘይካየድ ሳላ ዝወሰኖ ጽንዓትን ተወፋይነትን እዩ። ስለዚ ሃገራት ሳሕል ኣብ ወሽጣዊ ንቕሓት ዝተሰረተ ቃልሲ ኣንጻር ስእነት ጸጥታ እንተ ኣካየደን ወፍርታተን ዕወት ዘይረኽበሉ ምኽንያት የለን።

ፈረንሳ ዝተኸሉቶ ኩሉ መዳያዊ ዝንበሳን ቁናንን ስትራተጂ ኣብ ሃገራት ሳሕል ጸጥታዊ ዕግርግር ብምስፋን ጉዳይ ማሕበራዊ ፍትሒ ክሃሰስ ብዝይ-ምኽኣሉ፡ ሎሚ ሃገራት ሳሕል ብዘወሰድኦ ዘለዋ ስጉምቲ ኣብ ታሪኽ ዲፕሎማስን ወተሃደራዊ ወፍርን ፈረንሳ እቲ ዝኸፍኣ ፍጻመ ኮይኑ ተሰኒዱ ይርከብ። እንተ ኾነ ከም ኢኮዋስ ዝኣመሰለ መጋበርያ ናይ ግዳም ሓይልታት ዝኢ ብሃገራት ሳሕል ዝወሰድ ዘሎ ተግባራት ክሽሞንኦ እየን ዝስምዓ ዘለዋ።

ቀጻሪ ኢኮዋስ ነቲ ብሃገራት ሳሕል ዝተወስደ ወተሃደራዊ ስጉምቲ ብምሽናኑ ነየም ኣቕዲሞም ኣብ ስልጣን ዝነበሩ መራሕቲ ናብ ቦትኦም ክምለሱ ሓያሎ ጻውዒታት ኣቕሪቡ እዩ። ክንዮ ፖለቲካዊ ጻውዒት ድማ ምምላስ መራሕቲ ኣብ ወሽጢ መዓልታት ንኽፍጸም ትግባረ ገደብ ግዜ ብምውሳን እንተ ዘይተተግቢሩ ወተሃደራዊ ግብረ መልሲ ከም ዝህበሉ ምስናይ መጠንቀቕታኡ ትእዛዛዊ መግለጺ ኣሕሊፉ እዩ።

ኢኮዋስ ድሕሪቲ ወተሃደራዊ ስጉምትታት ኣብ ልዕሊ እዘን ሃገራት ማዕቀብ ብምውራድ ፊናንሳዊ ዋንነተን ከም ዝድስከል ገይሩ። እዚ ዘመላኽቶ እንተ ሃልዩ ቀጻሪ ኢኮዋስ ከም ዝጠዙሉ ኣህጉራውያንን ዞባውያንን ውድባት ንረብሓ ህዝቢ ዘይኮነ መጋበርያ ናይ ግዳም ሓይልታት ኮይኑ ይጸዱ ከም ዘሎ ዘብርህ እዩ። ኣብዚ እዋንዚ ድማ እጉዳታት ኢኮዋስን ምቁራጽ ዕንጋሎ ቀጠባዊ ደገፋትን ንጠንታት መቀበሮ ህዝብታት ሃገራት ሳሕል ብኣሉታ ጸልዩዎ ኣሎ። እንተ ኾነ ካብ ኣብ ባርኖት ጽጋብ ኣብ ሓርነት ጥሞየት ስለ ዝሓረ እዚ ሎሚ ዘወሳወስ ዘሎ ስጉምትታት በዘን ወዲ ከምዝን ዝኸለፍ ኣይኮነን። ዝኢ ክውን ንምግባር ድማ ወተሃደራውያን መራሕቲ ሃገራት ሳሕል ኣብልኖዮም ካብ ኢኮዋስ ብወግዒ ድሕሪ ምድስካሉ "ኪዳን ሃገራት ሳሕል" ተባሂሉ ዝፍለጥ ምሕዝነታዊ ኣማራጺ ብምምስራት ንተጻሎ ኢኮዋስ ንምምካም ኣንቂዶም ይርከቡ።

ምዕራባውያን ሃገራት ዝኢ ናይ ለውጢ ሃዋህው ቄናን ምስሊ ክህብኦ ይፍትና እየን። ነቲ ናይ ለውጢ መሰረሒ ብኣግኡ ንምኹላፍ ድማ ጠንቂ ናይቲ ዕልዋታት ወተሃደራዊ ጠበያት ዝተላበሰ ጥራይ ብምባል ክሕስዩኦ ይፍትና። ድሕሪቲ ኣብ ሃገራት ሳሕል ዝተኻየደ ወተሃደራዊ ዕልዋታት ኣህጉራውያን ሓይልታት ሕቡራት ሃገራት፡ ኣመሪካ፡ ሕብረት ኣፍሪቃን ሕብረት ኤውሮጳን ብዲሞክራሲያዊ ኣገባብ ዝተመርጹ መንግስታት ብህጹጽ ናብ ስልጣን ክምለሱ ኣለዎም ዝብል ኣጀንዳ ሒዞም ብምቕራብ ነቲ ክውንነት ክኸሕድዎ ተራእዮም። ሃገራት ሳሕል ብውሽጣዊ ዓቕሚ ነቲ ከቢድ ብመዳይ ጸጥታ ከረጋግጽኦ ዓቕሚ ከም ዘይብለን ወግሐ ጸብሐ ክትንትና ይሰምዓ እየን። እንተ ኾነ እዚ ከምዚ ዝኣመሰለ ኣቀናጻቢ ሸርሒታት ዕላምኡ ክይተበጸሰ ፍሹል እዩ።

ኣብ እዋን ፕረዚደንት ኣመሪካ ጆ ባይደን ድማ ሃገራት ቡርኪናፋሶ፡ ኒጀርን ማሊን ብምኽንያት ናይቲ ወተሃደራዊ ስጉምቲ ካብ ስምምዕ ንግዲ ኣመሪካ-ኣፍሪቃ ማለት ኣጎዋ (AGOA) ከም ዝተሰረዛ ገለጹ ነይሩ። ስምምዕ ንግዲ ኣጎዋ፡ ኣብ ትሕቲ ሰሃራ ዝርከባ ሃገራት ኣፍሪቃ ዝተፈላለዩ ፍርያት ብዘይ ቀረጽ ናብ ኣመሪካ ክልእኻ ዘኽእል እዩ። እዚ ድማ ኣብ ንግድን ቀጠባዊ መዳያትን ነዘን ሃገራት ንምውቃዕን ደይመደይ ኢልካ ዝተወርወረ ማሕሎኻ እዩ። እንተ ኾነ እዘን ሃገራት ኣቐዲሙ ዝወረደን ኣደራዕ ተመኩሮ ስለ ዝቐሰማሉ ኮሄ ማሕበረሰብ ዓለም ንተበግሶታተን ንድሕሪት ክመልሶ ኣይክእልን። ምኽንያቱ ንግድን ወፍርን ብምስሳን ኣብ ኣፍሪቃ ቀጠባዊ ዕብየት ንምርግጋጽ ዝዕልም ዝኾነ ተበግሶ ምዕራባውያን ሓይልታት ነጻ ሕርያ ሃገራት ጥራይ እዩ ክኸልፍ ዝርኦ።

እዘን ሃገራት ነቲ ሰር ሰዲዱ ዝነበረ ጸጥታዊ ጸገማትን ዕብለላ ፈረንሳን ንሓዋሩ ንምምሓው ዝወሰድኦ ዘለዋ ሓባራዊ ተበግሶ ኣብ ታሪኽ ብድሙቕ ቀለም ዝስፈር ሰንሰለታዊ ቃልሲ ኣፍሪቃውያን ዘጉልሕ እዩ። እዘን ሃገራት ነቲ ዘመናውያን ሃገራት ተሰሪተናሉ ዘለወ መትከላት ልኡላውነት፡ መሬታዊ ሓድነትን ፖለቲካዊ ነጻነትን ንምርግጋጽ ኣንቂደናሉ ዘለዋ ቃልሲ ሃገራት ወትሩ ኣብ ኣርዐት መግዛእትን ጊላነትን ንዘልኣለም ተጻሚደን ከም ዘይነብራ ዝዕዘደ ክውንነት እዩ። ወዓሊ ሓዲሩ ድማ ሃገራት ወትሩ ነጻ ሕርያ ብምኳን ፖሊሲታተን ከተግብራኦ እንተ ክኢለን ኣብ ቅድመኣን ንሓዋሩ ክቐውም ዘኽእል ብድሆታት የለን።

ፈረንሳ ኣብ ስልጣን ዝመጽኡ ውልቀ ሰባት ክሳብ ንረብሓታታ ዘገልገሉ ዝኾነ ዕንቅፋት ኣይትፈጥረሎምን እያ። ብዝበራ ወተሃደራዊ ህላወት፡ ነየም ዕድመ ልክዖም በኻ ኢዳ ክኾኑ ነበሮም ዝፈረደዋ ልሂቃን ብስም ዲሞክራሲ ፍሉይ ምንክባኻብ ክትገብረሎም'ያ ጸኒሓ። ፈረንሳ ኣብ ሃገራት ሳሕል ረብሓታታ ዘላቕነት ንምፍጣር ብበልሸውና ዝጠቕማሞ ንረብሓ ውሑዳት ዝዖጹ መራሕቲ ብዘይ ገለ ጸቕጢ ኣብ ኮረሻ ስልጣን ንዝተናውሐ መድረኻት ክቕጽሉ ክኢሎም። ኣብ ካራት መራሕቲ ጫድ እድሪስ ደቢ ን ፕረዚደንት ቡርኪና ፋሶ ብሌዝ ኮምፓኦረን ድማ ዋላኳ ህዝባዊ ደገፍ ኣይንበሮም ምስ ፈረንሳን ካልኦት ምዕራባውያን ሃገራትን ጥቡቕ ዝምድናን ሸርክነትን ብምምስራት ዕድመ ስልጣኖም ክናዋሕ ክኢሉ። እዚ ከምዚ ዓይነት ክውንነት ድማ ኣብ መንጎ ሃገራት ኣፍሪቃን ፈረንሳን ዝነበረ ዝምድናታት ብልሹውን ስሉታውን ኮይኑ ክቕጽል ካብ ዝገበረ ተጠቃሲ ምኽንያት እዩ። ሃገራት ሳሕል እምበኣር ወጽዓ መግዛእቲ ዝፈጠሮ ሓሲያ ጥራይ ዘይኮነ ቀጺሉ ኣብ ዝሰዓበ መድረኻት ነጻነት፡ ብሃገራት ምዕራብ ብዝተሃንደሰ ማዕበላዊ ፈተናታት ሰፍ ዘይብል ፀገውት ወሪዱወን እዩ።

ይቕጽል



Zara Mining Share Company

# Vacancy Announcement

| | |
|---|---|
| **Position:** | **Workshop Maintenance Supervisor** |
| **Number required** | **1** |
| **Location:** | **Koka Gold Mine (Site)** |
| **Reporting to:** | **Mine Maintenance Superintendent** |
| **Position Overview:** | Maintenance Supervisor oversees maintenance activities in facilities, ensuring smooth operations and safety. |

**Duties/ functions:**

- Inspect facilities periodically to identify maintenance needs.
- Prepare weekly maintenance schedules and allocate tasks.
- Train, supervise, and assist maintenance mechanics and auto-electricians.
- Oversee mechanics during installations, repairs, or maintenance (auto-electricians, mechanics)
- Take lead in any recovery of machines that are on breakdown.
- Monitor inventory of materials and equipment.
- Participate in project coordination (e.g. renovations).
- Enforce and ensure adherence to quality standards and health and safety regulations.
- Repair machinery as needed.
- Ensure the workshop is cleaned daily.

| | |
|---|---|
| **Formal Education and Experience**: | ➢ Graduate<br>➢ Proven experience as a maintenance supervisor.<br>➢ Strong technical knowledge of repairing machines (electrical, mechanical, etc.) |
| **Other skills and abilities** | ➢ Computer literacy- word processing, spreadsheets, stores, and maintenance planning software.<br>➢ English literacy to a conversational level<br>➢ Excellent interdepartmental communication skills,<br>➢ Excellent working knowledge of all aspects of mining operation.<br>➢ A "Can do" attitude<br>➢ Ability to work unsupervised and make decisions when required. |
| **Working experience – nature and length** | ➢ At least 5 years of work experience as a Maintenance Supervisor. |
| **Leadership Experience – nature and length of time** | ➢ 5 years of leadership experience required and must have ability to work unsupervised and make decisions when required. |
| **Salary** | Company scale |
| **Room Accommodation** | Free accommodation |

Please mail your applications to the ZARA MINING SHARE CO P. O. Box 2393. Asmara, Eritrea

**Note to Eritrean applicants:** - Please send a copy of your application to Aliens Employment Permit Affairs P.O. Box 7940 Asmara, Eritrea. and Eritrea. Mineral Resources Management P. O. Box 272

Deadline for application: Seven days from the day of announcement.

ምልክታ
ናጽነት ደስበለ -ሓበን ገብረኣምላኽ- ሳምራዊት መለስ

Zara Mining Share Company

# Vacancy Announcement

| | |
|---|---|
| **Position:** | **Senior Maintenance Supervisor (Surface Workshop)** |
| **Number required** | **1** |
| **Location:** | **Koka Gold Mine (Site)** |
| **Reporting to:** | **Mine Maintenance Superintendent** |
| **Position Overview:** | Surface workshop senior supervisor is to oversees maintenance activities in facilities, ensuring smooth operations and safety and cost saving. |

**Duties/ functions:**

- Supervise and coordinate maintenance teams supervisors, panners, and contractors.
- Prepare weekly maintenance schedules and allocate tasks. Ensure compliance with safety, health, and environmental standards.
- Foster a culture of accountability, teamwork, and continuous improvement.
- Oversee preventive, predictive, and corrective maintenance activities.
- Monitor equipment performance and reliability metrics, MTF and MTR.
- Implement asset management strategies to extend equipment life and reduce costs.
- Maintain accurate records of maintenance history and asset conditions.
- Manage maintenance budgets and control expenditures
- Identify cost saving opportunities without compromising safety or reliability.
- Ensure maintenance activities comply with regulatory and company standards.
- Prepare and present reports on maintenance performance, KPIs, and improvement initiatives.
- Liaise with production, engineering, procurement and external vendors.
- Support capital projects and equipment upgrades.

| | |
|---|---|
| **Formal Education or Equivalents**: | ➢ Trade qualification or engineering Degree (Mechanical/Electrical) |
| **Working experience – nature and length** | ➢ Minimum 8-10 years of experience in Mining Maintenance |
| **Leadership Experience – nature and length of time** | ➢ 5 years of leadership experience required and must have ability to work unsupervised and make decisions when required. |
| **Other skills and abilities** | ➢ Computer literacy- Word processing, spreadsheets, stores, and maintenance planning software.<br>➢ English literacy to a conversational level<br>➢ Excellent interdepartmental communication skills.<br>➢ Excellent working knowledge of all aspects of mining operational theory.<br>➢ Valid vehicle driver's license<br>➢ A 'Can do' attitude<br>➢ Ability to work unsupervised and make decisions when required. Excellent leadership, communication, and problem-solving skills. |
| **Key Competencies:** | • Safety leadership<br>• Strategic thinking<br>• Technical expertise<br>• Team development<br>• Decision making under pressure<br>• Continuous mindset |
| **Salary** | Company scale |
| **Room Accommodation** | Free accommodation |

Please mail your applications to the ZARA MINING SHARE CO P. O. Box 2393. Asmara, Eritrea

**Note to Eritrean applicants:** - Please send a copy of your application to Aliens Employment Permit Affairs P.O. Box 7940 Asmara, Eritrea. and Eritrea. Mineral Resources Management P. O. Box 272

Deadline for application: Seven days from the day of announcement.

# ካብ ዘባታት

## ዕብየትን ገስጋስን ኣብያተ ትምህርቲ 2ይ ደረጃ ዞባ ዓንሰባ

ገርጊስ ፍቓድ ድራር
(ዞባ ዓንሰባ)

ዞባ ዓንሰባ ኣብ ምምስራትን ምብጋስን ታሪኻዊ ድሕረ-ብይታ ዘመናዊ ትምህርቲ ሃገርና ብቑዕምነትን ፍሉይነትን ዝጥቀስ ዕድላት ካብ ዝረኸቡ ቦታታት ምኳኑ ሰውዓት ይሕብር። ገስጋስን ዕብየትን ስርዓተ-ትምህርትን ንጥፈታቱ ካብ ደረጃ ምጥፋእ መሃይምነት ጀሚሩ፡ ደረጃታት ቅድመ ትምህርቲ፡ መባእታ፡ ማእከላይን ካልኣይን እናተሰጋገረ ይቕጽል። ቤት ትምህርቲ ካልኣይ ደረጃ ከኣ ወሳኒ መድረኽን ድልድልን መሰጋገሪ ንላዕለዋይ ደረጃ ትምህርቲ እዩ።

ንሓፈሻዊ ኩነታት ገስጋስ ኣብያተ ትምህርቲ 2ይ ደረጃ ዞባ ዓንሰባ ብዝምልከት ምስ ሓላፊ ኣ/ት/ 2ይ ደረጃ ዞባ ዓንሰባ መም/ ተኽለሰንበት ዘርኣይ ናይ ዘካየድናዮ ትሕዝቶ ነቕርበልኩም፦

ታሪኽ ካልኣይ ደረጃ ኣብያተ ትምህርቲ ዞባ ዓንሰባ ቤታ ኣብ 1949 ዝተመስረተት ታሪኻዊት ቤት ትምህርቲ 2ይ ደረጃ ከረን (ቤ/ት ሃጸየ ዳዊት፡ ሰሰንደሪ) እዩ ዝጅምር። ድሕሪ ስዕረት መግዛእቲ ጣልያን ዝተተክአ ወተሃደራዊ ምምሕዳር ብሪጣንያ፡ ንስርዓት ትምህርቲ ኤርትራ ካብቲ ሰማውን ናይ መባእታን ደረጃ ክሳብ ማእከላይ ደረጃ ክብ ኣብ ዘበሉ እዋን፡ ብደረጃ ሃገር ናይ መጀመርያ ክልተ ማእከላይ ደረጃ ኣብያተ ትምህርቲ፡ ሓንቲ ኣብ ከረን ሓንቲ ኣብ ኣስመራ'የን ተኸፊተን። ቤት ትምህርቲ ካልኣይ ደረጃ ከረን ከኣ ኣብዚ ታሪኻዊ ናይ ነጥቡመቐደሮ መድረኽ ከም ፍኖት ብርሃን እትጥቀስ'ያ። ክሳብ እዋን ናጽነት ከኣ ብደረጃ ኣውራጃ ሰንሒት እታ እንኮ ቤ/ት 2ይ ደረጃ ነይራ።

ካብ ዘመን ስርዓት ሃጼ ሃይለስላሴ ጀሚሩም ክሳብ ናጽነት ኣብ ዝነበረ መድረኽ፡ በዛ ቤት ትምህርቲ ሓሊፎም ኣብ ዝለዓለ ጸፍሒ ሓላፍነትን ሞያዊ ብቕዓትን ዝበጽሑ፡ ክሳብ ዩኒቨርስቲ ኣዲስ ኣበባን ካልኦት ሃገራት ወጻኢን ብምኻድ ብጹብሉታ ዝተመረቑን ብፍሉይነት ዝጥቀሱ፡ ሰነ-ፍልጠተኛታት፡ ተመራመርቲ፡ ፕሮፈሰራትን መራሕትን ፍርያታ ዝኾኑ ብለጻት ተመሃሮ ብዙሓት እዮም።

ብሓፈሻኡ ብደረጃ፡ ዞባ ዓንሰባ ክሳብ እዋን ናጽነት፡ እታ ድሕሪ ኣብ 1987 ዝተሃንጸት ቤት ትምህርቲ ዓዲ ተከሌዛን ሓዊስካ ክልተ ኣብያተ ትምህርቲ 2ይ ደረጃ ነይረን። ናይ ቅድሚ ናጽነት ከም ቀዳማይ መድረኽ ወሲድና፡ ካብ 1991-2000 ከም ካልኣይ መድረኽ እንተ ወሲድና እቲ ገስጋስ ዕብየት ካብኡ'ዩ ዝጅምር። ኣብዚ መድረኽ'ዚ ኣብ 1995 ናይ ብሕቲ ቤት ትምህርቲ ቅዱስ የሴፍ (ላሳለ) መባእታን ማእከላይን ዝነበረት ናብ ካልኣይ ደረጃ ክትዓቢ ከሎ ኣብ 1998 ኣብ ዒላ በርዕድ፡ ኣብ ዓመተ 2000 ከኣ ኣብ ሓጋዝ 2ይ ደረጃ ኣብያተ ትምህርቲ ተሃኒጸን። እቲ ዝርጋሐ ኣብ ኣርባዕተ ንኡሳን ዞባታት ሰፊሑ፡ ኣገልግሎትን ተጠቀምትን ከኣ ናብ 20% ክብ ኢሉ። ብምውሳኹ ናይዘን ኣብያተ ትምህርቲ ናይ 12% ዕብየት'ኳ እንተ ተራእዩ ኩለን ኣብ መስመር ጸለም ጽርግያ ዝተሃንጻ ብምዃነን እቲ ኣብ ማእከላይ ርሑቕትን ርሑቕ ገጠራትን ዝርከብ ከባቢታት፡ ኹኖ ፍታሕ ኣብ ምጽባይ ነይሩ።

ካብ 2001-2010፡ ከም ሳልሳይ መድረኽ ዝረአ ኮይኑ፡ መንግስቲ ካብ ጸለም ጽርግያ ወጻኢ ኣብ ምሕደግ ዝበለ ከባቢታት ዝርከብ ህዝቢ ተረባሒ ንምግባር ፍሉይ ኣቓልቦ ዝተገበረሉ መድረኽ እዩ። ኣብዚ መድረኽ'ዚ 6 ኣብያተ ትምህርቲ ተወሲኸን። ዝርጋሐአንን ዝተሃንጻሉ ቦታን ከኣ ቦርዲን ኣሶማጥ፡ ቤት ትምህርቲ ዕመር እዝዝ ኣብ ሓልሓል፡ ቤት ትምህርቲ ሸከር ኣብረሃም ኣብ ገሉብ፡ ኣብ ዔሬታይ ሃበር፡ ኣብ ኣርባዕተ ናይ ርሑቕ ገጠራት ንኡሳን ዞባታትን ከኣብን ኣብ ዓመተ 2004 ኣብ ወሽጢ ሓደ ዓመት ጥራይ ብድምር ኣርባዕተ ኣብያተ ትምህርቲ ተሃኒጸን። እዚ ከኣ ንተወፋይነትን ልምዓታዊ ስትራተጂያዊ ወጥንን መንግስቲ ዘንጸባርቕ ጻዕሪ ሚኒስትሪ ትምህርትን መሻርኽቱ ዝኾና ኣሃዱታት መንግስትን ህዝብን ዘጸር ግብራዊ ተበግሶ እዩ።

እዘን ንኡሳን ዞባታት እዚኣን ብሰንኪ ራሕቒ ቦታን ካልእ ዝተፈላለየ ሓላፊ ምኽንያታትን ተመሃሮአን ካብ ማእከላይ ደረጃ ንላዕሊ ትምህርቶም ንኸይቕጽሉ ርኡይ ጸገም ነይሩወን። ድሕሪ'ዘን ዝተጠቕሳ ኣብያተ ትምህርቲ ኣብ ዓመተ 2008 ኣብ ሓደሽ ዓዲ ቤት ትምህርቲ ሕድሬ ንጓኣ


ምሕላብ

ሰዒባ ኣብ 2009 ከኣ ኣብ ሓሊብመንተል ቤት ትምህርቲ ከሰሪ ተወሲኸን። ተመሃሮ ሓዱሽ ዓዲ መዓልታዊ ካብ ዓዶም ናብ ዒላበርዕድ ወፈርም ክመሃሩ ስለዘይክእሉ፡ 8ይ ክፍሊ ዝሰገሩ ተመሃሮ ኣብ ከተማታት ብዝኢታው ወይ ምስ ቤተ-ሰብ ተጸጊዖም ወይ ገዛ ተኻርዮም ክኸዱ ይግደዱ። እዚ እንተዘይተኻኢሉ ግን ትምህርቲ ምቁራጽ ወሁብ ዕጫ እዩ።

ተመሃሮ ሓሊብ መንተል ከኣ መዓልታዊ ካብን-ናብን ልዕሊ 10 ኪሎ ሜትር እናተጓዕዙ ናብ ከረን ወፈርም ክመሃሩ ኣዝዮም ደሸገሩ ነይሮም። እቲ ዝወፍሩሉ መስመር ኣብ ቀንዲ ጽርግያ ስለዘኾነ ንትራፊካዊ ሓደጋ ይቃልዑ፡ ብዝወሳኺ'ውን ኣብ ግዜ ጸልማት ብስመምታ ተመንን ካልእ ቡዓዊ ጸገማትን ይዕንቀፉ ነይሮም። ብዘይካ'ዚ እቶም ተመሃሮ ብትምህርቲ ቋንቋ ኣደ ብሊን ዝተማህሩን ብሊንን ስለዝኾኑ እቲ መጻናዕቲ ንብሆር'ውን ኣብ ግምት ዘእተወ እዩ። ስለዚ ኣብዚ ሳልሳይ መድረኽ 24% ናይዘን ሕጂ ዘለዋ ኣብያተ ትምህርቲ ካልኣይ ደረጃ ስለ ዝተወሰኻ፡ ብደረጃ ዞባ ኣሰታት ሓደ ርብዒ ናይቲ ሕብረተሰብ ኣገልግሎት ክረክብ በቒዑ።


2ይ ደረጃ ቤት ትምህርቲ ከረን

ካብ 2011-2020 ኣብ ዘሎ 4ይ መድረኽ'ውን ብተመሳሳሊ 6 ኣብያተ ትምህርቲ ተወሲኸን። ኣብ ንኡስ ዞባ ሓልሓል ኣብ መሉበሶ ቤት ትምህርቲ ሹሃዱ፡ ኣብ ከረን ከኣ መብዝሕቱ ትሕዝቶኣ ሃይማኖታዊ ኮይኑ ናይ ብሕቲ ዝነበረት መዓሒድ ዓንሰባ ኣብ መንግስቲ ተሰጊገራ (Secular ኮይና)፡ ኣብ ን/ዞባ ዒላበርዕድ ከኣ ነቲ ብጺጋማይ ወገን ዝርከብ በረኽቲ ቦታታት ሸዕበን ደብረሲናን ኣብ ግምት ብምእታው ምስቲ ቡብእዋኑ ክቐርብ ዝጸንሐ ተደጋጋሚ ጠለባትን ዝተገብረ ዳህሳሳዊ መጽናዕትን ምርኩስ ብምግባር ኣብ 2012 ቤ/ት 2ይ ደረጃ ሸዕብ ተኸፊታ። ጂኦግራፍያውን ዲሞግራፍያውን ኣቃውማ ንኡስ ዞባ ዒላበርዕድ ዓበይቲ ንጦታት፡ ሰንጭሮታትን ኣኻውሕን ዝበዝሖ መስመር ጽርግያ'ውን ዘይብሉ ብምዃኑ፡ ፍሉይ ቀላሕታን ፍታሕን ዝሓትት እዩ።

ብተመሳሳሊ ኣብ ዓመተ 2012 ኣብ ን/ዞባ ሓመልማሎ ካብ ከባቢ ግዝግዛ ጀሚርካ ኣብ ዘሎ ቦታታት መስመር ሳሕል ናይ 2ይ ደረጃ ዕድል ትምህርቲ ስለ ዘይነበርም ኣብ ልዕሊ'ቲ ብሚኒስትሪ ትምህርቲ ዝተገበረ መጽናዕቲ ብምምሕዳር፡ ብወከልቲ ህዝቢ፡ መራሕቲ ሃይማኖትን ኣቦላት ባይቶን ንዝቐረበ ጠለባት ኣብ ግምት ብምእታው፡ ሓንቲ ናይ 2ይ ደረጃ ቤት ትምህርቲ ክትክፈት ተወሲኑ። ናይተን ዓዲታት ተመሃሮ ኣብ ካልእ ቦታ ከይዶም ተኻርዮም ክመሃሩ ይኸኡን ብኻልእ ኣገባብ ትምህርቶም ክቕጽሉሉ ዝኽእሉ ዕድላት ጸቢብ ምንባሩ፡ ብመጽናዕቲ ተረጋጊጹ ነይሩ። ብዘይካ'ዚ ተመሃሮ ልዕሊ ማእከላይ ደረጃ ናይ ምቕጻል ዕድል ስለ ዘይብሎም ኣብ ግዱድ መርዓን ካልእ ዘይተደልየ መደባት ብኽኑትን ይኣትዉ ስለ ዝነበሩ፡ ናይ መጻኢኦም ኩነታት ኣሰካፊ ነይሩ። እታ ኣመሓዳሪ ንኡስ ዞባን ሱፐርቫይዘራት ሚኒስትሪ ትምህርትን ዘካየደት ጉጅለ መጽናዕቲ ኣብ ቀዳምነታት እትሰርዖ እምበኣር፡ ወክልና ብዝርን ተሳታፍነት ደቂ ኣንስትዮን ኣብ ግምት ዘእተወ፡ ራሕቒ ቦታን ተበጺሑኑትን። ኣብዚ እዋን'ዚ ዘለዋን ንመጻኢ ክህልዋ ዝኽእላን መንበቲ ኣብያተ ትምህርትን ብዙሕ ህዝብን ዝኣመሰሉ ረቛሒታት፡ ካብ ቀንዲ መለክዒታት ናይቲ ዳህሳሳዊ መጽናዕቲ እየም።

ንኡስ ዞባ ከረን ምስተን ካልኦት ንኡሳን ዞባታት ክነጻጸር ከሎ ብተዛማዲ ዝሓሸት'ኳ እንተ ኾነት ምስ ሰፋሕታን እቲ ቀጻሊ እናወሰኸ ዝኸይድ ብዝሒ ህዝባን ኣብ ግምት ብምእታው፡ እተን ዝነበራ ኣብያተ ትምህርቲ 2ይ ደረጃ እኹላት ኣይነበራን። ብዘይካ እታ ታሪኻዊት (ገዳም) ቤት ትምህርቲ 2ይ ደረጃ ከረን፡ እተን ክልተ ቤት ትምህርቲ ቅዱስ የሴፍ (ላሳለ)ን መሓድ ዓንሰባን ናይ ውልቂ'የን ነይረን። ስለዚ ከኣ ኣብ ዓመተ 2012፡ 2ይ ደረጃ ቤት ትምህርቲ ሮራ ተኸፊታ። ብድሕሪ'ዚ፡ ዋላ እተን ናይ ውልቂ ዝነበራ ኣብ መንግስቲ ከም ዝጠርነፉ ስለ ዝተገበረ፡ ከረን ብድምር 4 ኣብያተ ትምህርቲ 2ይ ደረጃ ከም ዝህልዋ ኮይኑ። ስለዚ ምስ ምውሳኽ ናይ'ዘን ዳሕረዎት 6 ኣብያተ ትምህርቲ፡ ብደረጃ ዞባ፡ ኣብ ራብዓይ መድረኽ፡ 24% ጠለብ ኣገልግሎት ናይቲ ሕብረተሰብ ከማልኣ ክኢለን።

ናይ መወዳእታ ከም 5ይ መድረኽ ዝግለጽ ካብ ዓመተ 2020 ዝጀመረ ዝኸነ ዝሓለፉ 5 ዓመታት ዘጠቓልል ኮይኑ፡ ኣብ ዝሓጸረ እዋን 8 ኣብያተ ትምህርቲ ዝተወሰኻሉ እዩ። ብፍላይ ኣብ'ዘን ዳሕረዎት ዓመታት ብደረጃ ዞባ ምስፋሕ ኣብያተ ትምህርቲ 2ይ ደረጃ ብዝበዝሕን ብዝርገሐን እናዓበየ ምስ ከደ፡ ዋላ እቶም ድልየት እናሃለዎም ኣብ ማእከላይ ደረጃ በጺሖም ኣቋሪጾም ዝነበሩ ተመሃሮ ኣዴታት 3-4 ቈልዑ ዝኾና፡ ሰብ ሓዳር ደቂ ኣንስትዮ ካልኦት'ን። ብዘይካ ብዲሲፕሊናዊ ምኽንያት ዝተሰጉ፡ ዳግማይ ናይ ካልኣይ ደረጃ ትምህርቶም ክዛዝሙ ዕድል ተረሒዩሎም ኣሎ። ብግብሪ'ውን ኣተባባዒ ተሳትፎ ተራእዩ ይርከብ።

ኣብ 2022 ኣብ ባልዋ ቤ/ት ካልኣይ ደረጃ ምኽፋታ፡ ንተመሃሮ ናይ'ቲ ከባቢ ጻቢ


መም/ ተኽለሰንበት ዘርኣይ

ማስተርሃት እዩ። ኣብ'ቲ ከባቢ ካብ ዝተደኮና፡ ኣብ ዝተረሓሓቑ በረኽቲ ቦታታትን ኣጻድፍን ዝርከብ ዓዲታት ናይ ነዊሕ ሰዓታት ኣህላኺ ጉዕዞ እግሪ ተጓዒዞም እዮም ን2ይ ደረጃ ቤ/ት ዒላበርዕድ (ኤደን) እናወፈሩ ዝመሃሩ ነይሮም። ካብ ከባቢ ብዓል ሃብረምጋቓን ባልዋን ጀሚርም፡ ብጸለም ጽርግያ ክጉዓዙ ከለዉ ከኣ ብፍላይ ኣብ ግዜ ጸልማት ብስመምታ፡ ከም'ኡ'ውን ብጾዕቂ ትራፊካዊ ምንቅስቓስ መካይን ይሽገሩ ነይሮም። ሳሕቲ ከፈሎም ብመካይን ክጉዓዙ እንተ ፈተኑ'ውን መዓልታዊ ካብን ናብን 30-40 ናቕፋ ክኸፍሉ ቁጠባዊ ዓቕሞም ስለ ዘፍቅደሎም ተሰፋ ቀሪጾም ከይጀመሩ ወይ ጀሚሮም የቋርጹ ነይሮም። ከም ካልኣይ ኣማራጺ ደማ፡ ናብ ቦርዲን ደቀምሓረ ዝኸዱ'ኳ እንተ ነበሩ፡ ኣብኡ'ውን ምክትታል ወለድን ካልእ ደገፍን ስለ ዘይረኽቡ፡ ኣድማዕነት ኣይነበሮን። ካብ ትምህርቲ ብምትራፍ ወይ ብምስጓጕ የቋርጹ ነይሮም። እዚ ቡብእዋኑ ዝረአ ዝነበረ ጸገማትን ሓልክታቱን ኣብ ግምት ብምእታው ከኣ፡ ምኽፋት ቤት ትምህርቲ ባልዋ ኣጉዳሲታ ገሊሑ ነይሩ።

ብተመሳሳሊ ኣብ ንኡስ ዞባ ገሉብ'ውን፡ ሓንቲ ቤ/ት 2ይ ደረጃ ኣብ ገሉብ ጥራይ'ያ ነይራ። ንብምሉኣን ኣብ'ቲ ንኡስ ዞባ ዝርከብ ዝተረሓሓቑ ምምሕዳራዊ ከባቢታትን ዓዲታትን ከተገልግል ስለዘይትኽእል ከኣ፡ ኣቐዲሙ ብመጽናዕቲ ዝተወሰነ ኣብ ዓመተ 2022 ኣብ ምሕላብ ካልኣይቲ ቤት ትምህርቲ 2ይ ደረጃ (ቤ/ት ፍረሰላም) ተኸፊታ። ኣብ ላዕለዋይ ደረጃ ትምህርቲ ተሳታፍነት ብዘሪት ይውሕድ ኣሎ ዝብል ስክፍታ ንምቕንጣጥ፡ ኣብ ርሑቕ ገጠራት ምስፋሕ ዕድላት ትምህርትን ምኽፋት 2ይ ደረጃ ኣብያተ-ትምህርትን ወሳኒ እዩ። ን/ዞባ ገሉብ ብምሉኡ ብዘረ ትግረ ክኸውን ከሎ ባልዋ'ውን 90% ትግረ እየም።

ካልእ ኣብ ዓመተ 2022 ብመጽናዕትን ብፍሉይ ኣጉዳሲነትን ዝተሃንጸት ኣብ ን/ዞ ሓጋዝ ኣብ ከርመድ ዝተኸፍተት ቤት ትምህርቲ 2ይ ደረጃ እያ። ኣብ ከባቢ'ዛ ቤት ትምህርቲ፡ ንሽበቕ ሕልፍ ኢልካ ጉላ ዝበሃል ምምሕዳሩ ምስ ዞባ ጋሽ ባርካ ዝኾነ ከባቢ ኣሎ። ስለዚ ቤ/ት ከርመድ ኣብ ማእከል ምኽፋታ፡ ከም መላግቦ ናይ ክልቲኡ ዞባታትን ክልቲኡ ብሄራትን ኮይና ከተገልግል እትኽእል ስትራተጂያዊ ኣጉዳሲነት ዘለዋ'ያ። እቶም ናይ ዞባ ጋሽ ባርካ፡ ንኣቝርደት ከይዶም ክመሃሩ እንተ ዘይከኣሉ ካልእ ኣማራጺ ኣይነበሮምን። ናይ ዞባ ዓንሰባ ከኣ ካብ ከባቢታት ዓዲ ሓመድ ጀሚርካ ዓዲ ዕመርን ሽበቕን ካልኦትን ደሚርካ፡ ምኽፋት 2ይ ደረጃ ቤት ትምህርቲ ኣብ ከርመድ፡ ኣብቲ ከባቢ ማስተርሃት ዝፈጠረት ኮይና ኣላ።

ይቕጽል


ባልዋ

# ንቑሕ ደበና

ሄለን መኸታ

## ውሑስ ፍልጠት

### ንምንታይ ኢና እናፈለጥና ንጽይቕ?

ፈላጥ ምኳን፡ ዝሓሸ ህይወት የውሕስዶ? ዘመነ ሓበሬታ ተባሂሉ ፍልጠት ነጊሱሉ ኣብ ዘሎ እዋን፡ ንምንታይ ፍጠረት ደቂ ሰብ ኣብ ምልክት ሕቶ ዘእቱ ብድሆታት መፍትሒ ዝይተረኽበሉ? 'ሰብ፡ ኢኹል ፍልጠት ስለ ዝዓጠቐ ቅኑዕ ውሳነ ክውስን ይኽእል እዩ፡' ክንብል ንኽእልዶ?

ፍልጠት ድምር ናይ ሓበሬታ፡ ጭብጥን ተመኲሮን ሰባት ወይ ትካላት ስለዝኾነ፡ ዘመነ ሓበሬታ ዝሓሸ ባይታ ንፍልጠት ኣንጺፋ እዩ። ኣብዚ ዘመን'ዚ፡ ብብዝሒ ጥራይ ዘይኮነ ምስ ምምዕባል ዓለምለኻዊ መርበባት ዝርገሐ ሓበሬታ'ውን ኣብ ዝለዓለ ደረጃኡ በጺሑ ኣሎ። ጽልዋ እዚ ለውጥታት'ዚ እውን ኣንኢስካ ዝርአ ኣይኮነን። ሰብ ካብቲ ዝሓለፈ ዘመናት ዝተራቐቐን ዝሓሸን ህይወት ክምርሕ ክእሉ እዩ። ዋላ'ኳ ምስ ሕሉፍ ኣወዳዲርና ዝሓሸ ደረጃ ኣሎ እንተ በልና፡ ብመንጽር ኣብዚ ግዜ'ዚ ዘሎ መሳርሒታትን ሓበሬታን፡ ህይወት ደቂ ሰብ ካብዚ ንላዕሊ ክመሓየሽ ነይሩዎ ዝብሉ ኣካላት ግን ኣይተሳእኑንም። ኣብ ሓደ ቃለ-መሕተት ህቡብ ተዋሳኣይ ጆን ትራቮልታ፡ "ከምቲ ኣብ ፊልምታት እንርእዮ፡ ኣብዚ ግዜ'ዚ ዝነፍራ



መካይን ሰብ ዝሰርሖ ኣርተፍሻላዊ ብልሕን ኣብ መዓልታዊ ህይወትና ልሙድ ክኸውን ነይሩዎ፣ ሕማማት ከነለሊን ክንፍውሰን ክንሽገር ኣይግባኣናን፣ ብዛዕባ ናይ ቀንጠመንጢ መዓልታዊ ህይወትና ምሕሳብ ሓሊፍና፡ ብዛዕባ ዓበይቲ ምሕዞታትን ተክኖሎጅን ክንሓስብ እዩ ነይሩና፡" ክብል ዓለምና በጺሓቶ ዘላ ምዕባለ ከም ዘይዓገበ ገሊጹ ነይሩ። ፈለማ ርእይቶኡ፡ ከምቲ ባኒ ንምግዛእ ነዊሕ ሪጋ ዝገበሩ ሰባት ዝተዓዘበት ጓል ንጉስ፡ "ንምንታይ ባኒ እንተ ስኢኖም ምቁር ሕብስቲ ዘይበልዑ፡" ዝበለት ይኾነካ እዩ። እንተኾነ፡ ትጽቢቱ ካብ ርትዓውነት ኣዝዩ ዝረሓቐ ኣይኮነን። ብዘይ ዝተራቐቐ መሳርሒታት ኣብ ካልኣይ ሚለኒዩማዊ ቅድሚ ሓባራዊ መዋእል ከዋኽብትን ፕላነታትን ክድህሰስ ካብ ተኻእለ፡ ኣብዚ ግዜ'ዚ ምስዚ ዘሎ ሓበሬታን መሳርሒታትን ልዑል ትጽቢት ክህሉወና ግድን እዩ።

"እዚ በጺሕናዮ ዘለና ደረጃ ምዕባለን ለውጥን'ውን ኣቃሊልካ ዝርአ ኣይኮነን፣ ትጽቢታትና ክማላእ ዘይከኣለ፡ ካብ ዋሕዲ ጸጋታት (ሓበሬታ፡ ተክኖሎጂያዊ መርሒታት፡ ወዘተ) ዘይኮነ፡ ካብ ኣጠቓቕማ እዩ፡" ዝብሉ ከኣ ኣለው። ኣብዚ ግዜ'ዚ፡ ካብ ብዋሕዲ ሓበሬታ ዝጋገ፡ እቲ ብብዝሒ ሓበሬታ ዝደናገር፡ ብሸለልትነት ጥሕሰት ዝፍጽምን ትብዓት ብምስኣን ዘይኣምነሉ ውሳነ ዝወስድን ይበዝሕ። ኣገዳስነት ፍልጠት ኣብ ምልክት ሕቶ ኣይኣቱን እዩ። ፍልጠት ንዘመሓላልፍ ስርዓት፡ ቀርጽን ኣገባብን ትምህርቲ ክንኣምንን ኣብ ፍልጠት ዝዓጠቑ ምሁራት ሰባት ልዑል ትጽቢት ከነሕድርን ንቡር እዩ። ዝተቐሰመ ፍልጠት፡ ንባህርን ግብርን ሰብ ክጸሉ ምስ ዘይክእል ግን ንመን ንወቕስ? ኣብ ዝበዝሐ ኣጋጣሚ፡ "ምሁር ተባሂሉስ ከምኡ ይገብር!" "ንምንታይ ድዩ ተማሂሩ፡ ከጋናዝብ ኣይክእልን፡" ... ክበሃል ንሰምዕ ኢና። ኣገዳስነት ትምህርትን ፍልጠትን ተረዲእና፡ ብድብድቡ፡ ካብ ምሁር ኣካል ልዑል ትጽቢት ስለ ዝገበርና፡ ዝደለናዮ ውጽኢት ንረክብ ማለት ኣይኮነን። ንኣብነት፤ ሕብረተሰብ፡ ምሁር ኣካሉ ብወልፊ ክልል ኣይጽበን፣ ሽጋራ ዘትክኽ ምሁር ምስ ዝረክብ፡ ካብቲ ዘይተማህረ ንላዕሊ ክግስጽ ንርእዮ። ዝተኻየደ መጽናዕትታት ግን ደረጃ ትምህርትን ወልፊ ሽጋራን ምትእስሳር ከም ዘይብሉ የብርህ። ብ2019 ብማእከል ምቁጽጻርን ምክልኻልን ሕማም ሕ.መ.ኣመሪካ ዝተኻየደ መጽናዕቲ፡ ኣብ መንጎ ተመሃሮ ካልኣይ ደረጃ፡ ናይ ድግሪን ካብኡ ንላዕሊ ደረጃን ተመሃሮ ኮለጅን ብዙሕ ለውጢ ከም ዘይብሉ የርኢ። እኳ ደኣ እቶም እኹል ሓበሬታ ሳዕቤናት ምትካኽ ሽጋራ ዘሎዎም ተመሃሮ ባህርያዊ ስነ ፍልጠት፡ ካብቶም ማሕበራዊ ስነ ፍልጠት ዝጽንዑ ተመሃሮ ዝያዳ ሽጋራ ከም ዘትክኹ መጽናዕትታት ይሕብር። ብ2020 ዝተኻየደ መጽናዕቲ ኣህጉራዊ ውድብ ጥዕና ግን ዕድመን ፍልልይ ናይ ሃገራትን ርኡይ ጽልዋ ከም ዘሎዎ የብርህ። ስለዚ፡ 'ምፍላጥ' ጥራይ እኹል ኣይኮነን። ፍልጠት ኣብ ግብራዊ ህይወትና ከሰንየና፡ ኣብኡ ተመርኲስና ቅኑዕ ውሳነ ክንውስንን ከነገናዝብን ግን ተወሳኺ ዕጥቂ ከም ዘድልየና ይበርሃልካ።

## ህይወትና፡ ፍልጠት ምርኩስ ብምግባር ከይነምርሕ ዝዕንቅጽ ረቛሒታት



"ለባም ክጋገ መራግእቲ ነይገድፍ፡" ዝብል ምስላ ሓደጋኡ እናፈለጥና ንዝግበር ጌጋ ዝገልጽ እዩ። ኩሉ ፍልጠት ዝዓጠቐ፡ ቅኑዕ ውሳነን ተግባርን ይፍጽም ማለት ኣይኮነን። ጥዕና ኣእምሮ ገለ ካብቲ ግሁድ ምኽንያት ክኸውን እንከሎ፡ ብርከት ዝበለ ዘይነተብህለሉ ረቛሒታት ኣሎ። ገለ ካብኡ ንምጥቃስ፤

*ትሑት ብቕዓት ነብሰ ምቁጽጻር*

ድኹም ክእለት ነብሰ ምቁጽጻር፡ ናብ ስምዒታውን ቅጽበታውን (ኣዕሚቝካ ከይሓሰብካ) ውሳነ ምውሳድ ከቃልዕ ይኽእል። ኣብ ዝበዝሐ እዋን ከኣ ክትጽመምን ዘድሊ ዋጋ ክትከፍል ዘይምዳላይን፡ ናይ እዋኑ መፍትሒ ጥራይ ናብ ምድላይ ክደፋፍእ ይኽእል። ብተደጋጋሚ ንዝጋገ ሰብ፡ ብደገ ካብ ዘይምፍላጥ ዝጋገ ክመስለና ይኽእል ይኸውን። እንተኾነ፡ ካብ ንለውጢ ቅሩብ ዘይምኳንን ድኹም ነብሰ ምልክን ክኸውን ዝለዓለ ተኽእሎ ኣሎዎ። ትህኪት፡ ሸለልትነት፡ ድኹም ምሕደራ ምስዒትን ድርኺትን ገለ ካብ ክጥቀስ ዝኽእል ሳዕቤናት ትሑት ነብሰ ምቁጽጻርን ጸረ ፍልጠትን እዩ።

*ልምዲ*

ልምዲ፡ ሓንጎና ስራሕ ንምቅላል ኢሉ፡ ንተደጋጋሚ እንገብሮ ንጥፈት ብዘይ ሃልኪ ንኸካይድ ዘተኣታትዎ ኣገባብ እዩ። እዚ ማለት፡ ልምዲ ብዘይ ምሕሳብ ዝካየድ ንጥፈት እዩ። ኣእምሮና ብኣድህቦ ይሰርሕ እንተ ዘይሃልዩ ከኣ ሓድሽ ነገር ክንመሃርን ለውጢ ክንገብር ኣይከኣልን። በዚ ምኽንያት ከኣ'ዩ ልምዲ ንምግዳፍ ኣዝዩ በዳሂ ዝኾነና። ዝተመሃርናን ተማሂርናን፡ ንልምድና ዝቐይር ተወሳኺ ጥበብ እንተ ሃልዩና፡ ፍልጠትና ኣብ ቀዳድ ፊስቶ ከም ዝተመልአ ክሕሰብ ይከኣል።

*ኣድልዎ*

ንሓደ ሓሳብ፡ ክብሪ እንህቦም ሰባት እንተ ደጊፎሞ፡ ብዙሕ ሰብ እንተ ተሰማሚዑሉ፡ ዝውቱርን ቅቡልን እንተ ኮይኑ፡ ... ቅኑዕ ዝመስለና ኣንስኣንን ኢና። እዚ ግን ካብ ካልእ ሓሳብ ብዓይኒ ኣድልዎ ስለ ዝራእናዮ ክኸውን ይኽእል እዩ። ኣብ ሕብረተሰብ ቅቡል እዩ ተባሂሉ ዝዝውተር ኩሉ ንጥፈታት ቅኑዕ ድዩ? ዝበዝሐ ነብስና ወጺዕና እነካይዶ ባህላውን ማሕበራውን ንጥፈታት፡ ብልክዕ ነቲ ዝተመደበሉ ዕላማ ዝወቅዕ ድዩ?

*ማሕበራዊ ጸቕጥን ፍርሒ ተነጽሎን*

'ሰብ ከይብለኒ' ልሙድ መመኽነይታ ናይ ብርክት ዝበሉ ጌጋ ውሳነታት እዩ። ነፍሲወከፍ ሕብረተሰብ፡ ናይ ውልቁ ሕግታትን ክብርታትን ኣሎዎ። ካብ ሕግን ስርዓትን ሕብረተሰብ ዝወጽአ፡ ዝተፈላለየ ናይ ምእራም ስጉምቲ ይወስድ። ዳርጋ ኣብ ኩሉ ሕብረተሰብ ዝወሃብ ግበረ መልሲ ግን 'ምንጻል' እዩ። ነዚ ምንጻል ፈሪሖም ክሳብ ናይ ህይወት ዋጋ ዝኸፍሉ ከኣ ኣለዉ። ስለዚ፡ ዝኾነ ኣንጻር ማሕበራዊ ክብርታት ዝኸይድ ፍልጠት፡ ኣብ ግብሪ ክውዕል ከም ዘይክእል ርዱእ ይኸውን።

## ብፍልጠት ተሰኒና ቅኑዕ ውሳነታት ክንውስን ዝሕግዝ ረቛሒታት

*ብልሓዊ ጥበብ*

ፍልጠት ናብ ተግባር ክንቅይር፡ ኣዕሚቝካ ናይ ምሕሳብ ክእለት፡ ብድሆ ናይ ምልላይን ምፍታሕን ክእለትን ተበላሕነትን ኣገዳሲ እዩ። እዚ ከኣ ሓበሬታ፡ ጭብጥን ተመኲሮን ካልኦት ሰባት ስለ ዝተማሃርና ዘይኮነ፡ ናይ ውልቅና ኣስተብህሎን ግብራዊ ተመኲሮን ወሲኽና ከነዕብዮ ዘድሊ ጥበብ እዩ።

*ስምዒታዊ ብልሒ*

ዘይተመሓደረ ስምዒት፡ ንኣእምሮና ብምዕብላል ንውሳነታትና ብኣሉታ ክጸሉ ይኽእል። በዚ ምኽንያት፡ ልዑል ብቕዓት ምሕደራ ስምዒት ከነዕቢ ኣገዳሲ ይኸውን። ስምዒታዊ ብልሒ ልዑል ነብሰ ምፍላጥ ይጠልብ። ኣብ ግዜ ውሳነ፡ ብስምዒት ተደሪኽና ዲና ንውስን ዘለና ወይስ ብርትዒ ከነስተብህል ኣገዳሲ እዩ።

*ኣብ ፍልጠት ዝተሰረተ ጥዑይ ርክብን ዝምድናን ምህናጽ*

ሰብ ብዘይ ርክብን ዝምድናን ክነብር ኣይክእልን እዩ። ዝጸንሑና ርክባትን ዝምድናን ንፍልጠትና ዓንቃጺ ምስ ዝኸውን ኣብ ውሳነታትና ኣሉታዊ ሳዕቤን ክህሉዎ ይኽእል እዩ። ነዚ ንምውጋድ፡ ንዝጸንሑና ርክባትን ዝምድናን ኣብ ፍልጠት ዝተመርኰሰ ንኽኸውን ክንሰርሕ የድሊ። ልምድታት ሕብረተሰብ ንኽንቅይሮ ሓያል ካብ ዝገብሮ ረቛሒ፡ ብዝሒ ናይቲ ዝምእዘዞ ዘተግብሮን ኣካል እዩ። ስለዚ፡ ብመረዳእታ ብርክት ዝበለ ኣካል ናይቲ ሕብረተሰብ ብፍልጠት ከም ዝምራሕ ክንገብር ምስ እንኽእል፡ ለውጢ ክንርእየሉ ንኽእል። እዚ ከኣ ሓያል ዝኾነ ርክባትን ዝምድናታትን ብምህናጽ እዩ ክብጻሕ ዝኽእል።

*ጽንዓትን ረዓምነትን*

ነቲ ብልምድን ኣድልዎን ዝሰረጸ ሓሳብ ክንቅይር እንተ ኬንና፡ ልዑል ናይ ምጽዋር ክእለት ከነዕቢ የድሊ። ከምኡ'ውን ፍልጠት ዝጠልቦ ለውጢ ክንርዕም ኣገዳሲ እዩ። ጋሊለዮ፡ ነቲ ምድሪ ማእከል ጸሓያዊ ስርዓት ምኳናን ጸሓይን ካልኦት ፕላነታት ከኣ ኣብ ዙርያኣ ከም ዝዞራ ዝገልጽ ዝነበረ ዓብላሊ እምነት፡ ኣብ ፍልጠት ዝተመርኰሰ ተጻራሪ ሓሳብ ብምቕራቡ፡ ኣብ መንበሪ ቤቱ ክእሰር'ዩ ተበይኑሉ። ዝበዝሐ ግዜ፡ ኣብ መስርሕ ለውጢ ካብ ሕብረተሰብ ምቕያር ነብሳኻ ምቕያር ዝኸበደ እዩ። ፍልጠት ዓጢቕና ኣብ ህይወትና ከነርዕሞ ምስ እንኽእል ኣብነታውያንን ጸልወትን ብምኳን ሕብረተሰብና ብዘቐለለ ክንቅይር ንኽእል።

# ዜና ዓለም

መርሃዊ ገብረሚካኤል

## መራሕቲ ሰ/ኮርያን ሩስያን ናብ ቻይና ከምርሑ እዮም

ፕረዚደንት ሰሜን ኮርያ ኪም ጆንግ ኡን፡ ኣብ ዝመጽእ ሰሙን ምስ ሩሲያዊ መዘኑኡ ፕረዚደንት ቭላድሚር ፑቲን ኣብ ቤይጂንግ ኣብ ዝቐርብ ወተሃደራዊ ምርኢት ክሳተፍ ምዃኑ፡ ሚኒስትሪ ጉዳያት ወጻኢ ቻይና ኣፍሊጡ።

ሚኒስትሪ ጉዳያት ወጻኢ ቻይና ዝኾኑ፡ ፕረዚደንት ትረምፕ ምስ መራሒ ሰሜን ኮርያ ኪም ጆንግ ኡን ንምርኻብ ተደጋጋሚ ጻውዒትን ቅሩብነትን የርኢ ኣብ ዘለውሉ እዋን'ዩ።

ቻይና፡ ኣብ'ቲ ዝመጽእ 3 መስከረም "መዓልቲ ዓወት" ብዝብል ስም እተኻየዶ ወተሃደራዊ ስልፊ፡ ኣብ ካልኣይ ኲናት ዓለም ኢዳ ዝሃበትሉ መበል 80 ዓመትን ምዝካር ናይ'ቲ ኲናትን ዘኽብር ምዃኑ፡ በቢሲ ንበብ ስልጣን ናይ'ታ ሃገር ብምውካስ ሓቢሩ።

ክልተኣም መራሕቲ ምስ ፕረዚደንት ሺ ጂን ፒንግ ክራኸቡ ከም ዝኽእሉ ዘመልከተ በቢሲ፡ ርክብ ናይ ሰለስቲኦም መራሕቲ ኣብ ብቤይጂንግ ክምራሕ ከም ዝኽእል ዝነገሩ ዘሎ ሓድሽ ዓለማዊ ስርዓት ንቕድሚት ዝደፍእ ኣገዳሲ ምዕራፍ ክኸውን ከም ዝኽእል ሓቢሩ። እዚ ከኣ፡ ቻይና፡ ዞባዊን ኣህጉራውን ዲፕሎማሲያዊ ዓወታት ትጎናጸፍ ከም ዘላ ዘርኢ ኣብኡ ምዃኑ ገሊጹ።

ሚኒስትሪ ጉዳያት ወጻኢ ቻይና ትማሊ ሓሙስ ኣብ ዝሃቦ ጋዜጣዊ መግለጺ፡ ቤይጂንግ ሓንቲ ካብ'ተን ናይ ቀረባ መሓዙት ፒዮንግያንግ ምዃና ብምንጻር፡ ክልቲአን ሃገራት ኣብ ዞባዊ ሰላምን ምርግጋእን ክሰርሓ ምትሕብባረን ክቐጽላ ምዃነን ገሊጹ።

ፕረዚደንት ኪም፡ ናብ ቤይጂንግ ካብ ዘይበጽሕ ድሮ ሽዱሽተ ዓመት ኣቝጺሩ ከም ዘሎ ጸብጻባት የመልክቱ።

ኣብቲ ወተሃደራዊ ስልፊ፡ መራሒ ደ/ኮርያ ዝርከብዎም ካልኦት 26 መራሕቲ ሃገራት እውን ክሳተፉ ትጽቢት ይግበር።

ቻይና፡ ኣብቲ ወተሃደራዊ ስልፊ ኣማኢት ወተሃደራውያን ነፈርቲ፡ ታንክታት፡ ጸረ ሰብኣልቦ ነፈርቲን ካልኦት ብርኽት ዝበሉ ኣጽዋራትን ንምርኢት ክተቕርብ ምዃና ተፈሊጡ ኣሎ።




## "ቻይና፡ ኣብ ጉዳይ ንዩክለሳዊ መደባት ምስ ኣመሪካን ሩስያን ኣይትሳተፍን እያ" ተባሂሉ



ፕረዚደንት ኣመሪካ ዶናልድ ትረምፕ፡ ቤይጂንግ ናብቲ ተበጊሶ ክትጽንበር ኣብ ዘቕረቦ እማመ ርእይቶ ንኽህብ ዝተሓተተ ወኪል ቃል ሚኒስትሪ ጉዳያት ወጻኢ ቻይና ጉኦ ጂያኩን፡ "ቻይናን ኣመሪካን ኣብ ሓደ ደረጃ ዘቐምጠን ንዩክለሳዊ ዓቕሚ የብለንን" ክብል ምላሽ ከም ዝሃበ፡ መርበብ ሓበሬታ 'ራሻ ቱደይ' ጸብጺቡ።

ንሱ ወሲኹ፡ ኣመሪካ ኑ እማመ ንቻይና ከተቕርብ ዘይምኽኑያታዊ ምዃኑ ደጊሙ ብምምልካት፡ እታ ሃገር ንምፍታሕ ንዩክለሳዊ ዕጥቂ ሓላፍነት ወሲዳ ብትግሃት ክትፍጽሞ ጸዊዑ።

"ቻይና ይትረፍ ምስ ሃገር፡ ምስ ዝኾነ ትካል'ውን እንተ ኾነ ኣብ ውድድር ንዩክለሳዊ ኣጽዋር ፈጺማ ኣይትሳተፍን እያ" ዝበለ ጉኦ፡ ቻይና ኣብቲ ንዩክለሳዊ ኣጽዋር ንምውጋድ ክካየድ ተወጢኑ ዘሎ ርክብ ከም ዘይትሳተፍ ኣረጋጊጹ።

ፕረዚደንት ኣመሪካ ዶናልድ ትረምፕ፡ ዝሓለፈ ሰሙን ኣብ መንጎ ሃገሩን ሩሲያን ንዩክለሳዊ ኣጽዋር ንምቍጽጻርን ኣሰናዊ ዕጥቂ ንምፍታሕን ዝጠልብ እማመ ብምቕራብ፡ ንቻይና ኣብቲ ርክብ ክትሳተፍ ሕቶ ከም ዘቕረበ ይፍለጥ።

ብመሰረት ጸብጻብ ኣህጉራዊ ትካል ምርምር ሰላም ስቶክሆልም፡ ሩሲያ፡ ኣመሪካን ቻይናን እተን ዝለዓለ መጠን ንዩክለሳዊ ኣጽዋር ዘውንና ሃገራት እየን።

ቻይና፡ ኣብቲ ኣመሪካን ሩሲያን ብጉዳይ ምፍታሕ ንዩክለሳዊ ዕጥቂ ኣመልኪተን ክካየድኦ ዝመደብኦ ርክብ ክትሳተፍ ንዝቐረበላ ጻውዒት ከም ዘይትድግፎ ብምግላጽ፡ ኑ ሓሳብ "ዘይምኽኑያታውን ዘይክውንነታውን" ክትብል ዝሓለፈ ረቡዕ ገሊጻቶ።

## ሓላፊት ቁጽጽርን ምክልኻል ሕማማትን ኣመሪካ ካብ ስራሕ ተባሪራ

ምምሕዳር ዋሽንግቶን ንሓላፊት ቁጽጽር ሕሞማት ኣመሪካ ሱዛን ሞናረዝ ብሰንኪ ፖሊሲ ክታበት ኮርና ቫይረስ ዝተፈጥረ ዘይምርድዳእ ስልጣና ክትሓድግ ብዘይ ምኽኣላ፡ ካብ ዳይረክተር ማእከል ቁጽጽርን ምክልኻልን ሕሞማትን ኣመሪካ ከም ዘበረራ ተሓቢሩ።

ብመሰረት ጸብጻባት፡ ሞናረዝ ክታበት ኮርና ቫይረስ ብህጹጽ ዝለዓለሉ እዋን ኣብ ምውሳን ምስ ጸሓፊ ክፍሊ ጥዕናን ሰብኣዊ ኣገልግሎትን ሮበርት ኤፍ ኬነዲ ተገራጫዊ መርገጺ'ዩ ጸኒሑዋ።

ወኪል ቃል ዋይት ሃውስ ኩሽ ደሳይ ዝሓለፈ ረቡዕ ኣብ ዝሃቦ መግለጺ፡ ሱዛን ሞናረዝ ኣቐዲማ ምስቲ "ኣመሪካ ዳግማይ ጥዕንኣ ምሕላው" ዝብል ፖሊሲ ፕረዚደንት ትረምፕ ከም ዘይትቃዶ ገሊጻ ምንባራ ብምምልካት፡ በዚ ምኽንያት ካብ ስልጣና ክትወርድ ዝቐረበላ ጻውዒት ዕሺ ኢላቶ ከም ዘይነበረት ኣረዲኡ።

ተጣበቕቲ ሞናረዝ ብወገኖም ኣብ ዝሃብዎ ሓበሬታ፡ ቅድሚ'ዚ ሰነምቲ፡ ሞናረዝ ስልጣና ክትለቅቕ ዝጸውዕ ዝኾነ ምልክታ ከም ዘይቀረበ ድሕሪ ምትቃስ፡ ዝነደብታዊ ውሳኔ ዋሽንግቶን ብትሪ ነቒፎም።

ኣብ ጉዳይ ፖሊሲ ክታበት ኣመሪካ ወትሩ ክትቅፍ ዝኾነ ሮበርት ኤፍ ኬነዲ፡ ምስፍሕፋሕ ኮርና ቫይረስ ንምክልኻል ሰበ ስልጣን ጥዕና ናይ'ታ ሃገር ኣብ ዘካይድዎ ዝበሩ ንጥፈታት ህጻናትን ወሓሰን ኣጠቓቕማ መድሃኒት ከም ዘዩተግበሩ'ዩ ክምጉት ጸኒሑ።




## ጃፓን፡ ንተጠቀምቲ ተንቀሳቓሲቲ ቴለፎን ዝምልከት ሓድሽ እማመ ኣውጺኣ

ጃፓን፡ 69 ሽሕ ህዝቢ ኣብ ዝነብረላ ከተማ ቶያኣኬ ነበርቲ ተንቀሳቓሲቲ ቴለፎናቶም (ሞባይላቶም) ክጽዮ ክልተ ሰዓት ከይጥቀሙለን ዝቐይድ ሓድሽ ሕጊ ንምጽዳቕ እማመ ከም ዝቐረበት በቢሲ ሓቢሩ።

እዚ ሃንደበታዊ እማሙ፡ ኣብ'ቶም ብዘይ ተንቀሳቓሲ ቴለፎን ፍጹም ክሰርሑ ዘይክእሉ ወገናት ከቢድ ወጥሪን ክትፅን ኣኸቲሉ ምህላው፡ እቲ ምንጪ ወሲኹ ገሊጹ።

እዚ ኣብ ጃፓን ብዓይነቱ ናይ ፈለማ ምዃኑ ዝነገረሉ ዘሎ እማሙ፡ ኣብ መጀመርታ ናይዚ ሰሙን'ዚ ብምምሕዳር ናይ'ታ ከተማ ድሕሪ ምቕራቡ፡ ብኣሽሓት ባይቶ ይዝተየሉ ምህላዉ ክፍለጥ ተኻኢሉ ኣሎ።

ከንቲባ ከተማ ቶዮኣኪ እቲ እማሙ ህዝቢ ናይ ሰክሪን ግዜኡም ብዓቕሙ ንከማሕድርዎ ዘተባብዕ ምዃኑ ብምግላጽ፡ እቲ እማመ ንስራሕ ኣብ ዝምልከቱ ጉዳያት ጥብቕ ቁጽጽር ከም ዘይግበረሉ ኣገንዘበ።

"እቲ እማመ ብኣባላት ባይቶ ከተማ ቶያኣከ እንተ ጸዲቑ ኣብ ወርሒ ጥቅምቲ ተግባራዊ ክኸውን እዩ" ዝበለ እቲ ብዓል ስልጣን፡ ናይ ክልተ ሰዓታት ገደብ መምርሒ እምበር መሳል ነበርቲ ንምምዛስ ዝዓለመ ከም ዘይኮነ ኣረዲኡ።

ሰማርትፎናት፡ ኣብ መዓልታዊ ምንቅስቓሳትን ንጥፈታትን ደቂ ሰብ ክሳብ መሰረታዊ ጥሕታ ኮይኑ የገልግል ከም ዘለዋ ዝሓብረ ሓደ ነባሪ ናይ'ታ ከተማ፡ እዚ ብከንቲባ ቶዮኣከ ዝተወሰደ ስጉምቲ፡ ኣብ ተመሃሮን ትሕተ ዕድመ ነበርትን ምስ ዝትግበር ወጽኢታዊ ክኸውን ከም ዝኽእል ኣሚኑ።

እንተ ኾነ፡ እቲ እማመ ኣብ ሰበ ስልጣን ናይ'ታ ከተማ ምምዕማዕ ኣስዒቡ ምህላዉ ተፈሊጡ ኣሎ።

መንግስቲ ጃፓን'ውን ብዛዕባ'ዚ እማመ'ዚ ዝኾነ ርእይቶ ኣይሃበን ዘሎ።




## ኣመሪካ፡ ብመጥቃዕቲ ፈኩስ ብረት ክልተ ህጻናት ሞይቶም

ኣብ ማእከላይ ምዕራብ ኣመሪካ ኣብ እትርከብ ግዝኣት ሚኒሶታ - ከተማ ሚኒያፖሊስ ኣብ ሓደ ቤት ትምህርቲ ብዝተፈጸመ መጥቃዕቲ ፈኩስ ብረት፡ ክልተ ህጻናት ክሞቱ እንከለው፡ ካልኦት 17 ሰባት ድማ ቆሲሎም ምህላዎም፡ መርበብ ሓበሬታ ሲ.ኤን.ኤን. ሓቢሩ።


ፈጻሚ ናይ'ቲ መጥቃዕቲ ወዲ 23 ዓመት ሮቢን ዌስትማን እውን ኣብቲ መጥቃዕቲ ከም ዝሞተ ዘመልከተ እቲ መርበብ ሓበሬታ፡ ጠንቂ ናይ'ቲ መጥቃዕቲ ንምፍላጥ ገና መርመራታት ይካየድ ምህላዉ ኣፍሊጡ።

እቲ ብማእከት ናይ ሓደ ቤት ትምህርቲ ካቶሊክ ዝተኻየደ መጥቃዕቲ ፈኩስ ብረት፡ ኣብ ነበርቲ ናይ'ቲ ከባቢ ከቢድ ሰንባደ ኣኸቲሉ ምህላዉ ጸብጻባት የመልክቱ።

መሻኹቲ ናይ'ቲ መጥቃዕቲ ዝተኻየደሉ ቤት ትምህርቲ ተኸፊቱ ብምጅንሑ ግን፡ ኑ ኣብ ግዳያት ኪጋጥም ዝኽእል ዝነበረ ልዑል መጠን ሞት ብምጣኑ ከቃልሎ ከም ዝኽኣሉ፡ ፖሊስ ናይታ ከተማ ኣረዲኡ።

መርበብ ሓበሬታ ሲ.ኤን.ኤን ወሲኹ ኣብ ዝሃቦ ሓበሬታ፡ በቲ መጥቃዕቲ ዝተጠርጠረ ሮበርት ኣብ ቀረባ እዋን ፈኩስ ብረት ክዕድግ ዘኽእሎ ሕጋዊ ወረቓቕቲ ከም ዘጽንሐ፡ ንሓለፌ ፖሊስ ብምጥቃስ ኣረዲኡ።

መጥቃዕቲታት ፈኩስ ብረት ኣብ ዝተፈላለየ ኣብያተ ትምህርቲ ኣመሪካ ንበር ተርእዮ ምዃኑ ዘመልከተ እቲ ምንጪ፡ እቲ ፍጻመ ኣብ ውሽጢ'ዚ ዓመት ጥራይ መበል 44 መጥቃዕቲ




| ተረኛ ፋርማሲ | ዕለት | ኣድራሻ | ቁ.ስልኪ |
| --- | --- | --- | --- |
| ፋርማሲ ደንደን | 29/08/2025 | ጎደና-117-15፡ ቁ.11፡ ጥቃ ሸል ዑቕበ ሃይለ | 121140 |

ፋርማሲ ቁ.1 መዓልታውን ለይታውን ኣገልግሎት ትህብ ቁ.ቴሌፎን 127565

Sabur Printing Services